ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.31 ሰሉስ 6 ጥቅምቲ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3




ታሪኽ-ህይወት፡ ዛንታ ውልቀ-ዝኽሪ፡ ሜምዋር፡ ...

ገጽ 4

ዑደት ደምና ብኸመይ ስርሑ የሰላስል፡




ገጽ 5

ፈጠራውን ተበላሓትን ኣእምሮ



ገጽ 7

ምልክታ

ገጽ 11

ሃገራዊ ጉያ ኀቦ ተኻይዱ



# መራሕቲ ኤርትራ፡ ግብጺ፡ ሱዳንን ሶማልያን፡ ኣብ ከተማ ኣልዓለሚን ርክብ ኣካዪዶም

ብዕድመ ፕረዚደንት ዓብደልፋታሕ ኣልሲሲ፡ ብሰንበት 4 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ኣልዓለሚን - ግብጺ ሓበራዊ ርክብ ዘካየዱ መራሕቲ ኤርትራ፡ ግብጺ፡ ሱዳንን ሶማልያን፡ ኣብ ህልው ዞባውን ዓለማውን ጉዳያት፣ ምሕያል ኣብ መንጎ ሃገራቶም ዘሎ ፖለቲካዊ ቁጠባውን ንግዳውን ምትሕብባር፣ ከምኡ'ውን ምምኽኻርን ምወሃሃድን ንምድንፋዕ ዘተየም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ፕረዚደንት ዓብደልፋታሕ ኣልሲሲ፡ ጀነራል ዓብደልፋታሕ ኣልቡርሃንን ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድን ኣብ ርክቦም፡ ዞባዊ ርግኣትን ምትሕግጋዝን፡ ኣብ ምኽባር መትከላትን ዓንድታትን ኣህጉራዊ ሕጊ ከም ዝምርኮስ ብምጥቃስ፡ ልኡላውነት፡ ናጽነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሃገራት ናይ'ቲ ዞባ ክኽበር፣ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣብ ወሽጣዊ ጉዳያተን ዝግበር ምትእትታው ክውገድ፣ ከምኡ'ውን ንሃገራውያን ትካላት ብምድጋፍ፡ ፖለቲካውን ሰላማውን ፍታሕ ንግርጭታት ክድፋኣሉ ተረዳዲኦም።

ዞባዊ ምርግጋእ ንምርግጋጽ'ውን፡ እቶም መራሕቲ፡ ሓባራዊ ጻዕራታት ምወሃሃድ፣ ዝላቐ ልምዓትን ብልጽግናን ምቹእ ባይታ ምፍጣር፣ ናብ ምምልላእን ምትእስሳርን ዝመርሕ ቁጠባዊ ንግዳውን ባህላውን ዝምድናታት ምዕዛዝ፡ ከምኡ'ውን ሓድነት ዕላማታትን ሓባራዊ ራኢን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዝምድናታት ህዝብታ ናይ'ተን ሃገራት ምድልዳል ኣገዳሲ ምኳኑ ተገንዚቦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ፕረዚደንት ኣልሲሲ፡ ጀነራል ኣልቡርሃንን ፕረዚደንት ሓሰንን ኣብ መወዳእታ፡ ደገፎም ንሓድነትን ስምረትን ሱዳንን ብሱዳናዊ መራሕነትን ዋንነትን ዝካየድ ፖለቲካዊ ማስርሕ ብምግላጽ፡ ተቓወሞኦም ን"ተመዓራረዲ" ዝበሃል ኣሃዱን ንዕሰብት ዝግበር ደገፍን ኣረጋጊጾም።

ንሓድነትን ልኡላውነትን ፈደራላዊት ረፓብሊክ ሶማልያ ዘለዎም ደገፍ ብምንጻር፡ ኣብ ወሽጣዊ ጉዳያታ ንዝግበር ምትእትታዋት - እንተላይ ን'ሶማሊላንድ' ኣፍልጦ ምሃብ ከምዝቃወሙን ሃገራውያን ትካላታ ንምሕያል ከምዝሰርሑን ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ንመትከል ሓርነት ባሕራዊ ምንቅስቓስ ከምዝድግፉን ምሕደራ ቀይሕ ባሕሪ ኣተን ዝዳውብኦ ሃገራት ጥራይ ከምዝምልከትን ብምንጻር፡ ተመሳሳሊ ርክባት ኣብ መንጎ ኣርባዕቲኤን ሃገራት ክቕጽል ተሰማሚዖም።



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ምስ መራሕቲ ሶማልያን ሱዳንን ርክባት ኣካዪዱ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ኣብ ከተማ ኣልዓለሚን - ግብጺ ምስ ፕረዚደንት ፈደራላዊት ረፓብሊክ ሶማልያ ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣብ ክልተኣውን ሓባራዊ ኣገዳሲነት ዘለዎም ጉዳያትን ተዘራሪቦም።

እቲ ርክብ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም መራሕቲ ዝካየድ ምምኽኻር ከምኡ'ውን ምወሃሃድ መርገጺታትን ራኢን ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት ዘተኮረ'ዩ ነይሩ። ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድን ኣብ ህልው ኩነታት ሶማል ኣብ ዝገበርዎ ዘተ፡ ግዝኣታዊ ሓድነት፡ ርግኣትን ሰላምን ሶማልያን ሓድነት ህዝባን ንምርግጋጽ፡ ካብ ግዱማዊ ምትእትታውን ኣጀንዳታትን ዝረሓቐ ምቹእ ፖለቲካዊ ሃዋህው ምፍጣር ኣገዳሲ ከምዝኾነ ተገንዚቦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ሶማልያን ካልኦት ሃገራት ናይ'ዚ ዞባን ዘሎ ፈደራላዊ ስርዓት፡ ባህግን ተስፋታትን ኣህዛብ ንምስማር ዝሕግዝ ቅርዑይ ስርዓት ከምዝይኮነ ብምጥቃስ፡ እቲ ፖለቲካዊ መወከሲ - ዜግነት መሰረት ዝገበረ እምበር፡ ቀንዲ ጠንቂ ግዳማዊ ምትእትታዋት፡ ከምኡ'ውን ግርጭታትን ቅልውላዋትን ናይ'ቲ ዞባ ዝኾኑ ማሕበራዊ-ህላዊ ኣቃውማታት፡ መንፈሳዊ እምነታት፡ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ዓሌታዊ ምክፍፋላትን ክኸውን ከምዘይግባእ ኣስሚሩሉ።

ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ ብወገኑ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ንህዝቢ ኤርትራን፡ ስለ'ቲ ጽኑዕ መርገጺኦምን ደገፎምን ንህዝብን መንግስትን ሶማልያ፡ ምስጋና ኣቕሪቡ።

እዚ ከም'ዘሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ኣቦ-መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃንን፡ ብሰንበት 4 ጥቅምቲ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ-ቐትሪ፡ ኣብ ከተማ ኣልዓለሚን - ግብጺ ርክብ ኣካዪዶም።

እቲ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናን ንክልቲኤን ሃገራት ኣብ ዘገድሱ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን ምዕባለታትን ዘተኮረ ርክብ፡ ኣካልን መቐጸልታን ናይ'ቲ ዝምድናታት ኤርትራን ሱዳንን ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ንምድንፋዕን ሓባራዊ ኣገዳሲነት ኣብ ዘለዎም ጉዳያት ሓሳባት ንምልውዋጥን ኣብ መንጎ መራሕቲ ክልቲኤን ሃገራት ዝካየድ ልሙድ ናይ ምምኽኻር ርክባት'ዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ኣቦ-መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃንን፡ ብዕድመ ፕረዚደንት ዓብደልፋታሕ ኣልሲሲ - ብሰንበት 4 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ኣልዓለሚን ኣብ ዝተኻየደ፡ መራሕቲ ኤርትራ፡ ግብጺ፡ ሱዳንን ሶማልያን ዝተረኸብሉ ኣኼባ ከምእተሳተፉ ዝፍለጥ'ዩ።


ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቃድር
ምስ ሶማልያ


ምስ ሱዳን

# ብትልሂት ዝሰልጠኑ መንእሰያት ኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ተመሪቖም


ስእሊ ዙቤር ስዒድ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ን9 ኣዋርሕ ብትልሂት ክሰልጥኑ ዝጸንሑ 10 ደቂኣንስትዮ ዘርከብኦም 30 መንእሰያት ኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ፡ ብ3 ጥቅምቲ ኣብ ኣዳራሽ ሲነማ ኣዝመራ ተመሪቖም።

ኣብቲ ስነስርዓት፡ ኣቦመንበር ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ኣቶ ወልደሚካኤል ሰኣሉ፡ እቲ ስልጠና - ቛንቋ ምልክት ምስ ህርመት ልቢ ብምስናይ ከምእተዋህበ ብምግላጽ፡ ምስ ሃገራዊ ማሕበር መዚቓኛታት ኤርትራ ብምውህሃድ፡ ዛጊት ኣብ ዞባታት ዓንሰባን ማእከልን ኣስታት 90 ኣባላት ከምዝሰልጠኑ ሓቢሩ።

ኑቲ ስልጠና ዝሃበ - ጉዳም ስሩ ጥበበውን መማህር ትልሂትን ኣቶ ኣሕሳይ ጉብረህይወት ብወገኑ፡ ስልጠኑቲ ኑቲ ስልጠና ንናይ ምግባር ዓቕሞም ብዘጸብርቐ ልዑል ወኒ ከምዝዘዘምዎ ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ ስልጠኑቲ፡ ንዘቖሰምዎ ሞያ ዘኩልሕ ትልሂት ብዜሪራት ኤርትራ ንምርኢት ኣቕሪቦም።

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ን600 ተመሃሮ ናውቲ ትምህርቲ ብሓገዝ ተዓዲሉ

ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ካብ ኣርባዕተኡን ንኡሳን ዞባታት ንዝተለለዩ 600 ተመሃሮ፡ ናውቲ ትምህርቲ ብሓገዝ ዓዲሉ።

ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ድሕነት ኣቶ ተስፋማርያም በራህ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ እዚ ዓመት መጸ ዝግበር ደገፍ፡ ካብ ትምህርቲ ዝበኩር ዜጋ ንኸይህሉ ዝዓለመ ከምዝኾነን ወጽኢቱ ኣተባቢዒ ከምዝኾነን ገሊጹ።



ደገፍ ዝተገበረሎም ተመሃሮ፡ ብመንገዲ ምምሕዳራት ዝተለለዩ ምኳኖም፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

# ኣፍዓበት - ንቕሓት መንእሰያት ኣብ ህሉው መድረኽ ንምብራኽ ሰሚናር ተዋሂቡ

ኣብ ከተማ ኣፍዓበት፡ ብቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዝተወደበ ሰሚናር፡ ንመንእሰያት፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ሰራዊትን ተዋሂቡ።

ኣብቲ ብ1 ጥቅምቲ ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ እድሪስ ዓሊ፡ ንህሉው ኩነታት ከበባናን መድረኻዊ ብድሆ መንእሰያትን ኣመልኪቱ መግለጺ ብምሃብ፡ መንእሰያት ንህሉው ብድሆታት ብምምዃም ሓላፍነት ክስከሙ ኣዘኻኺሩ።

ኣቶ እድሪስ ኣስዒቡ፡ ባህልን ክብርታትን ናብ ሓደስቲ ወለዶታት ብምስራጽ ብቑዓት መንእሰያት ንምህናጽ፡ ብዕቱብ ክስራሕ ተላቢዩ።

ሓላፊ ፖለቲካን ውዳበን ሃማመተኤ ዞ/ሰ/ቀ/ባ ኣቶ ሱሌማን ዩሱፍ ብወገኑ፡ ካብ 2026 ክሳብ 2030 ብዝዕባ ዝሸፍድ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ውጥን ስራሕ መብርሂ ሂቡ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ሰሚናር፡ ኣካያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ገሮግስ መዝገበ፡ ከም'ዚ ዓይነት ሰሚናር ኣገዳስነቱ ልዑል ስለዝኾነ ቀጻልነት ክህልዎ ተላቢዩ።

**ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ**

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045
**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

## ርእሰ ዓንቀጽ

# ብልጽግና፡ ካብ ዓዘቕቲ ናብ ሰልሚ

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሰፊሕ ኩናት ኣዊጁ ዘሎ ብልጽግና፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ብዘኣጎዶ ሓዊ እታ ሃገር ካብ ዓዘቕቲ ናብ ሰልሚ ሸሚሙዋ ኣሎ። እዚ ብዕሽላውን ኣኽራሪ ብሄራዊ ፖለቲካን ሃገር ዘዮዓደን ንከቢድ ህልቂት፡ ዕንወትን ሕንፍሽፍሽን ዘቃልዐን ጉጅለ'ዚ፡ መመኽንዪ ፖለቲካዊ ድኻሙን መኽወሊ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝፍጽሞ ዘሎ ገበናትን እንተኾነ ብዙበል ሕሱብ፡ መስደመም ስጉምቲ ክወስድ ይርኣ ኣሎ።

ዕላማ ናይቲ ኣብዚ ቐንያት'ዚ ዝወሰዶ ዲፕሎማስያዊ ስጉምቲ ኮነ ዘጋውሖ ዘሎ ክሰታት ንጹር'ዩ። እቲ ጸገም ውሽጣዊ ጉዳይ ምኳኑ ኣሚንካ ንሕቶ ህዝቢ ብዮገቡእ ኣብ ክንዲ ምምላስ፡ ጣልቃ ጎረቤታት ሃገራት ዝፈጠሮ ኣምሲልካ ምእሃዝ፡ በዚ ድማ እቲ ሰርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ወለዖዎ ዘሎ ኩናት ዞባዊ መልክዕ ንምትሓዝ እዩ። ይኹን'ምበር እዚ ንኢትዮጵያ ካብ ጎረቤታ ነጺሉ፡ ጠንቂ ዘይምርግጋእ ዞባ ገይሩዋ ዝርከብ ጉጅለ'ዚ፡ ንኸልኣት ክኸስስ ብኹሉ መለክዒታት ንጹግ እዩ።

- ብልጽግና ብናይ ግዳም ሓይልታት ተኣዚዙ፡ ኣብ ልዕሊ መናብርቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝኾነ ሓው ህዝቢ ሱዳን ዝፍጽሞ ዘሎ በደል፡ ዓለም ብዓለሙ ብዮህዶ ዝዕዘቦ ዘሎ፡ ንለዮማት ኢትዮጵያውያን ዘኩኖ ስዑድ ጭብጢ እዩ።

- ጉጅለ ብልጽግና፡ ኣብታ ማእከል ሕብረት ኣፍሪቃ ዝኾነት ኣዲስኣበባ ተቐሚጡ፡ ንቻርተር ናይቲ ውድብ ብምጥሓስ፡ ልኡላውነት ሶማልያ ብምግሃስ፡ ምስ ሶማሊላንድ ክኽተሞ ዝሃቀነ ዘይሕጋዊ ውዕል ግና ቀሰሙ ዘይሃሰሰ ድሙቕ እዩ።

ናብና ምስ እንምለስ፡ ጉጅለ ብልጽግና፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት፡ ኣብ ዝረኸቦ ሃገራውን ኣህጉራውን መድረኻትን ሚድያታትን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክካይዶ ዝጸንሐ ቅሉዕን ተኸታታሊን ዘሙት ሰማዕ ዘርሞ የለን።

"... ግዙፍ ስትራተጂ ክልተ ማያት ሓንጺጽና ኣለና፣ ናይ ጂኦግራፍ እሱራት ኴንና ክንነብር ኣይንኽእልን፣ ኢትዮጵያ ባሕሪ ዝሰኣነትሉ ኩነት ቅቡል ኣይኮነን፣ ዓሰብ ናትና እያ፣ ረፈረንዱም ኤርትራ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድምጹ ስለዘይሃበሉ ሕጋዊ ኣይኮነን፣ ኢትዮጵያ ንናጽነት ኤርትራ ኣፍልጦ ክትሃቦን እያ፣ ኣብ ቀረባ ግዜ ወደብ ክንውንን ኢና፣ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ግድን ወተሃደራዊ መደበር ክህልወና ኣለዎ፣ ኣረፈቻ ንዓመታ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ከነብዕሎ ኢና፣ 130 ሚልዮን ህዝቢ ሐጊዝና ብዘይ ባሕሪ ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና፣ ዝጠመየ ህዝቢ ሕጊ የብሉን! ውሕጅ ኴንና ክንውሕጠኩም ኢና፣ ካልኣት ኣብ ማርሽ ግዝኣት ክሕዙ እናሓለሙ፡ ንሕና ኣብ ኣፍንጫና ዘሎ ባሕሪ እንተሓለምና እንታይ ነውሪ ኣለዎ፣ ጉዳይ ሓጻቢ ህዳስ ወዲእና፣ ሕጂ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ኢና፣ ሓሙሽተ ዓመታት ተጸቢና፣ ካብዚ ንላዕሊ ክንጽበ ኣይንኽእልን ኢና፣ ኩናት ምስ ኤርትራ ዘይተርፍ'ዩ! ቀሪቡ! ተወሲዑ! ሰራዊት ናብ ዶብ ተጸጊዑ ኣሎ! ቀሊል'ዩ! ግዜ እውን ኣይወስደልናን'ዩ! እንተወሰደ ሳልስቲ'ዩ! ነዊሕ ርሕቀት ዝውንጨፍ ሚሳይላት ኣለና! ድሮናት ኣለዉና! ብሸነኽ ዓሰብ ኮነ ብኣምሓጀርን ሱዳንን ተኳሊልና ክምዚ ክንነብር ንኽእል ኢና..."

ዝርዝራት ናይቲ ድንቁርናን ታሪኹ ፖለቲካን ሕግን ዝደረኾ ሃለውለዋት ጽብጺብካ ኣይውዳእን።

ሕጂ እውን እንተኾነ ብልጽግና እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ወለዖዎ ዘሎ ኩናት፡ መዕለቢኡ ዓሰብ ምኳኑ ብዘይ ሕንከት ፈኸራ ሸሮ ክፍክር ይሰምዕ ኣሎ።

ህዝቢ ኤርትራ ረዚን ህዝቢ እዩ፣ ብዙሓት ፈተነታትን ተጻብኦታትን ዝርአየን በቢተራ ናብ ጉሓፍ ታሪኽ ዘፋነወን ብምዃኑ፡ ናብ መእዲ ሃጠው ቀጠው ከይተዓደመ፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ኣኽቢሩ፡ ኑቡሱ ጉቲኡ ጸኒሑ ኣሎ።

የግዳስ ከምዚ ዓይነት ዕብዳን ናበይ ከምርሕ ይኽእል፡ ብህድኣትን ልዑል ትከ-ርትትን ምክትታል ዘድልዮ'ዩ። ምኽንያቱ ብልጽግና በየም ንሱዳንን ኢትዮጵያን ኣብ ትሕቲ ጽልዋኦም ብምእታው፡ መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምቁጽጻር በልዮናት ዶላራት ከፍስሱ ጺሒሖም ውጥናም ዝበርዓኖም ናይ ደገ ሓይልታት ዝተዓሰበ ብምዃኑ ጸባሕ እንታይ ይእዘዞም፡ ንባዕሉ እውን ዝፈልጦ የብሉን። ከንዲ ዝኾነ ከም ወትሩ ንኹሉ ድሉዋት ምኳን ኣገዳሲ እዩ። ታሪኽ ከኣ ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ውድቀት ዓንደርቲ ከምስክር እዩ። ምኽንያቱ፡ ፖለቲካዊ ሕቶ ህዝቢ ብኣፈሙዝ ክፍታሕ ኣይክእልን እዩ። እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኣበጊሱዎ ዘሎ ናይ ቅብጸት ዕንደራ ድማ ጉዕዞ ካብ ዓዘቕቲ ናብ ሰልሚ ጥራይ እዩ። ንህዝቢ ብሓይሊ ብረት ኣንበርኪኽ ክገዝኦ ይኽእል'የ ኢልካ ምሕሳብ፡ ሓርገጽ ተወጢሕካ ፈለግ ምስጋር ዝዓይነቱ ዕቡድ ሕልሚ እዩ!

# ተፈጥሮኣዊ ጽባቐና ካብ ዘበላሸዉ መመላኸዒታት ምጥቃም ንቀጠብ!

## 7ይ መልእኽቲ

## ተፈጥሮኣዊ ጽባቐና ንዓቅቦ

. መልኪዕካን ወቒቦካን ክትርአ ምድላይ ንቡር እኳ እንተኾነ ብዋጋ ጥዕናና ክኸውን ግን ኣይግባእን! ክንምልክዕ ብምባል ኣብ ኣካላትና ነባሪ ዝኾነ ዕንወት ካብ ምውራድ ንቀጠብ። እንጥቀመሉ መመላኸዒታት ብኣፍልጦ ዝተሰነየ ክኸውን ይግባእ። መሓዙትና፡ መሳርሕትና ወዘተ ስለ ዝጥቀሙ ወይ'ውን ጽቡቕ ውጽኢት ከም ዘርከበሉ ዝሕብር ጽሑፍ ስለ ዝተለጠፈ ጥራይ ጥዕናናን ተፈጥሮኣዊ ጽባቐናን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ መመላኸዒ ምጥቃም ነወግድ።

. ቆርበትና ነጸብራቕ ናይ ውሽጣዊ ኩነታትና ምኳኑ ንገንዘብ። ዝተመጣጠነ መግቢ ምምጋብ፡ እኹል ፈሳሲ ምስታይ፡ ምንቅስቓስ ኣካላት ምዝውታር፡ እኹል ድቃስ ምድቃስ ቆርበትና ጥዑይን ብሩህን ንክኸውን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ተፈጥሮኣዊ ጽባቐና ሙተካእታ ዘይብሉ ባህርያዊ ሃብትና እዩ።

**መልእኽቲ ካብ ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ**



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ዑደት ደምና ብኸመይ ስርሑ የሰላስል፧

ስርዓት ዑደት ደምና፡ ናብ መላእ ሰብነትና ኦክሲጅንን መኣዛን ከበጽሕ ኩሉ ግዜ ኣብ ስራሕ ተጸሚዱ እዩ ዝርከብ። እዚ ስርዓት'ዚ ንልብን ንሻምብቆታት ደምን የጠቓልል። ረሳሓትን ዝተቓጸለ ኣየርን ንደገ ኣብ ምጉሓፍ'ውን ይሕግዝ። ጥዑይ ዝኾነ ስርዓት ዑደት ደም ምውናን ብቐንዱ ንጥዕና ልብ፡ ብሓፈሻኡ ድማ ንጥዕና መላእ ሰብነትና ኣገዳሲ እዩ።

**ስርዓት ዑደት ደም ብኸመይ ይቕወም፧ ንስርዓት ዑደት ደም ኣቖሞም ዝርከቡ ኣካላት፦**

- ልቢ፦ እዛ ጭዋዳዊት ኣካል'ዚኣ፡ በቲ ዝተሓላለኸ መርበብ ሻምብቆታት ደም፡ ደም ብምጭንጓዕ ናብ መላእ ሰብነት ከም ዝበጽሕ ትገብር።
- ኣርተሪ፦ እዚ ተረርን ተዓጻጻፍን መናድቕ ዘለዎ ሻምብቆ ደም'ዚ፡ ኦክሲጅን ዝተሓወሶ ደም ሒዙ ካብ ልቢ ናብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሰብነት የብጽሕ።
- ቨይን፦ እዚ ሻምብቆ'ዚ ዝተቓጸለ ኣየር ናብ ልቢ ዝመልስ እዩ።
- ካፒላሪስ፦ ኣብ መላእ ሰብነትና ተዘርጊሖም ዝርከቡ ቀጠንቲ ሻምብቆታት ደም ኮይኖም፡ ኣብ መንጎ ስርዓት ዑደት ደምን ኣካላትን ቲሹታትን ሰብነት፡ ኦክሲጅንን መኣዛን ዝሓዘ ደም በቲ ሓደ፡ ዝተቓጸለ ኣየርን ረሳሓትን በቲ ኻልእ ኣብ ዝፍጸም ምልውዋጥ ይሕግዙ።

ኣገደስቲ ሓቅታት ኣብ ስርዓት ዑደት ደም

- እዛ ክንዲ ዕማኾ ገምጦ ኣድና ዓቐን ዘለዋ ልብና ኣብ ደቒቕ ኣስታት 5 ሊትሮ ደም ትጭንገዕ።
- ኣብ 70 ዓመት ዕድመ ልብና ደም ክትጭንገዕ ልዕሊ 2.5 ቢልዮን ሳዕ ከም እትወቕዕ እዩ ዝግመት።
- ካፒላሪስ ኣዝዮም ዝቐጠኑ ሻምብቆታት ደም እዮም። ብሰንኪ ምቕጣኖም ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም በዞም ሻብቆ'ዚኦም በብሓደ ተሰሪዖም ጥራይ እዮም ክሓልፉ ዝኽእሉ።
- መዓልታዊ ነርእዮ ጸቕጢ ደምና ዝተፈላለየ እዩ። ኣብ ግዜ ለይቲ፡ ኣብ እንድቅስሉ እዋን ማለት እዩ እቲ ጸቕጢ ዝተሓተ ክኸውን እንኽእል፡ ኣብ ግዜ ፍርቂ መዓልቲ ድማ ዝለዓለ ይኸውን።

ንጥፈታት ስርዓት ዑደት ደም

ዑደት ደም ብህይወት ክንቅጽል ዘኽእል ኣገዳሲ ስርዓት እዩ። ብኸምዚ ኣገባብ ዑደቱ የካይድ፦

- ኦክሲጅኑ ዝጸንቀቐ ደም ብመንገዲ ቨይን ኣቢሉ ናብ የማናይ ሸነኽ ልቢ ይኣቱ።
- ልቢ ነዚ ደም'ዚ ናብ ሳንቡእ ልኢኹ፡ ሓዲሽ ኦክጅን ሒዙ ክምለስ ትገብር።
- ሓዲሽ ኦክሲጅን ዝሓዘ ደም፡ ናብ ጸጋማይ ሸነኽ ልቢ ተመሊሱ፡ ብመንገዲ ኣርተሪ ናብ መላእ ሰብነትና ይጭንገዕ።
- ኣብ ማእርሒ እቲ ደም 'ካፒላሪስ' ናብ ዝተባህሉ ቀጠንቲ ሻምብቆታት ይውሕዝ'ሞ፡ ነቲ ኦክሲጅንን መኣዛን ናብቶም ኣካላትን ቲሹታትን ሰብነትና ኣረኪቡ፡ ካርቦን ዳይኦክሳይድን ረሳሓትን ሒዙ ድማ ብመንገዲ ቨይን ናብ ልቢ ይምለስ። ብኸምዚ እቲ ዑደት ይካየድ።

### ጸገማት ኣብ ስርዓት ዑደት ደም

ዑደት ደምና ብዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ክጽሎ ይኽእል እዩ።

'ኣተሮስክሌሮሰስ' (Atherosclerosis)

'ኣተሮስክሌሮሰስ' ኣብ መናድቕ ሻምብቆ ደም ዝኾነ ቀጸላ ብምድራብ ምስ ዝጽብብ ወይ ናይ ምዝርጋሕን ምጭብባጥን ዓቕሙ ምስ ዝጎድል ዘጋጥም ጸገም እዩ። ናብዚ ጸገም'ዚ ከብጽሑ ዝኽእሉ፦

- ልዑል ጸቕጢ ደም፡
- ልዑል ኮሌስትሮል ኣብ ደም፡
- ምጥቃም ትምባኾን ሽጋራን፡
- ሕማም ሽኮር፡
- ጥዕና ዘይብሉ ኣመጋግባ፡
- ትሑት ምውስዋስ ኣካላት፡
- ምኽሳድን ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ምውናንን ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

'ኣተሮስክሌሮሰስ' ሻምብቆ ደም ከም ዝጽብብ ስለ ዝገብር፡ እቲ ብእኡ ዝሓልፍ ደም ኣብ መጠኑ ዝተሓተ ይኸውን።

**ጥዕናዊ ጸገም ኣብ ጫፋት ናይ ኣርተሪ (Peripheral artery disease)**

እዚ፡ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ናይ መሓውርና ምጽባብ ናይ ሻምብቆታት ደም ዘፈጥር ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ብኣግኡ ምስ ዘይፍወስ፦

- ምድንዛዝን ምጭባጥን መሓውር፡
- ምዕናው መትንታት (nerve)፡
- ምዕናው ቲሹታት (tissue)

ዝኣመሰሉ ጸገማት የስዕብ።

ናብ ወቕዒን መጥቃዕቲ ልብን ክምዕብል'ውን ይኽእል።

**ምርጓእ ደም** (Blood clots)

ምርጓእ ደም ኣብ ዝኾነ ክፍሊ ሰብነትና ኪጋጥም ይኽእል እዩ። ኣብ መሓውርና ዝፍጠር ምርጓእ ደም ግና፡ ቀልጢፉ ጸገም ኣብ ዑደት ደም ከስዕብ ይኽእል።

**ሃርሃርታ ደም** (Varicose veins)

ሃርሃርታ ደም መፈንቶታት ደም ብጦበእ ብዘይምስራሖም ምግታር ናይ ሻምብቆታት ዘፈጥር ጥዕናዊ ጸገም እዩ። እዚ ጸገም'ዚ ብዙሕ ግዜ ኣብ ዳሕረዋይ ሸነኽ ናይ መሓውር እዩ ዘጋጥም። ሻምብቆታት ደም ምስ ዝግዝሩ ወይ ምስ ዝውጠሩ ንቡር ዑደት ደም ክካየድ ኣይክእልን እዩ። ብዙሕ'ኳ ኣይኹን'ምበር ሃርሃርታ ደም ምርጓእ ደም የስዕብ እዩ።



**ሕማም ሽኮር** (Diabetes)

ሕማም ሽኮር ኣብ ዝተወሰነ ክፍሊ ሰብነትና ድኹም ዑደት ደም ንኽህሉ ይገብር እዩ። ሕማም ሽኮር ዘለዎም ሰባት፡ መሓውሮም ሸቓሽቕ ምስ ዝበሎም፡ እቲ ምልክት ድማ፡ ኣብ ዳንጋ፡ ሰለፍን ደሶን ቃንዛ ምስ ዝስምዖም ድኹም ዑደት ደም ኣማዕቢሎም ከይህልዉ ምክትታል ክገብሩ ይግባእ።

**ምኽሳዕ** (Obesity)

ምስ ቁመትካ ዘይሰነ ተወሳኺ ግዝፈ ምውናን ንመላእ ኣካላትካ ጸገም እዩ። ልዕሊ ንቡር ግዝፈ ሃልዩካ ንሓያሎ ሰዓታት ኮፍ ወይ ደው ትብል እንተ'ኼንካ ንድኹም ዑደት ደም ዝያዳ ተኣፋፊ ኢኻ።

**ድኹም ስርዓት ዑደት ደም**

ዑደትን ዋሕዝን ደምና ድኹም ምስ ዝኸውን ጠንቂ ወይ ምልክት ናይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ምዃኑ ርዱእ እዩ። ምጽባብ ሻምብቆታት ደም፡ ሕማም ሽኮር፡ ግዙእ ሽጋራን ካልኦት ወልፍታትን ምዃን ወዘተ ካብቶም ድኹም ዑደትን ዋሕዝን ደም ኣብ ኣካላትና ከስዕቡ ዝኽእሉ ጸገማት እዮም።

**ምልክታት ድኹም ዑደት ደም**

እቶም ልሙዳት ምልክታት ድኹም ዑደት ደም፦

- ጸሎሎ ወይ ሽቓሽቕ ምባል፡
- ምድንዛዘን ተደጋጋሚ ምትኻሽን፡
- ተረውረው ወይ ሽቓሽቕ ዘብል ስምዒታት ኣብ መሓውር፡
- ቃንዛ መላእ ሰብነት፡
- ምሽምቃቕ ጭዋዳ ወዘተ እዮም።

መብዛሕትኦም ናብ ድኹም ዑደት ደም ዘምርሑና ጥዕናዊ ጸገማት ዘርእይዎ ምልክታት ተመሳሳሊ እዩ። ንኣብነት ኣብ ጫፋት ናይ ኣርተሪ (ሻምብቆ ደም) ጥዕናዊ ጸገማት ዘጋጠሞም ሰባት፡ ብሰንኪ ኣብ ዑደት ደሞም ዝፍጠር ድኽመት ቃንዛ ሰብነት፡ ሽቓሽቕታን ምድንዛዝ መሓውርን ዝኣመሰሉ ምልክታት የርእዩ።

**ዑደት ደምና ብኸመይ ነሐይሎ፧**

ዑደት ደም ንምሕያል ብሕክምና ክወሃብ ዝኽእል ፍወሳ'ኳ እንተሎ፡ ገለ መግብታት ብምምጋብ'ውን ክተሐይሎ ከም ዝከኣል ክኢላታት ይመኽሩ።

ሽጉርቲ፦ ኣንጻር ምረት ዝከላኸል ቃና ዘለዎ ዓይነት ኣሕምልቲ እዩ። እዚ ድማ ንጥዕና ልቢ ኣዝዩ ኣገዳሲ ይገብሮ። ሽጉርቲ ንሻምብቆታት ደም 'ኣርተሪ'ን 'ቨይን'ን ክስፍሑ ዝሕግዝ ወህደት ስለ ዘለዎ ዑደት ደም ብዝጦዓዐ ከም ዝውሕዝ ይገብር።

ኣብ ልዕሊ 23 ሰባት ን30 መዓልታት ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጽረ፡ 4.3 ግራም ሽጉርቲ መዓልታዊ ከም ዝወሰዱ ዝተገብሩ ሰባት ዑደት ደሞም ዝሓየለ ኮይኑ ተረኺቡ።

**ቃርፋ፦** ሓያሎ ጠቐምታት ዘለዎ ዓይነት ቀመም ኮይኑ ሓደ ካብኡ ምሕያል ዑደት ደም እዩ።

ተመራመርቲ ኣብዚ ንምንጻር ኣብ ልዕሊ 20 ሰባት መጽናዕቲ ኣካይዶም ነይሮም። መዓልታዊ ዝተወሰነ ዓቐን ቃርፋ ከም ዝወስዱ ዝተገብሩ ሰባት ዝተመሓየሸ ዑደት ደም ክህልዎም ከም ዝሓገዞም ድማ እቲ መጽናዕቲ የጽረ።

ቃርፋ ሻምብቆታት ደምና ብቐሊሉ ከም ዝምጠጡን ከም ዝዘርጉን ናይ ምግባር ዓቕሚ ስለ ዘለዎ፡ ልዑል ጸቕጢ ደምን ሕማም ሽኮርን ዘለዎም ሰባት ክወስድዎ ጽቡቕ ምዃኑ እቲ መጽናዕቲ ኣመልኪቱ።

**ጻዕዳ ሽጉርቲ፦** ናይ 'ሳልፈር' ወህደት ከም ዘለዎ ዝፍለጥ ጻዕዳ ሽጉርቲ ዑደት ደም ኣብ ምቅልጣፍ ልዑል ጥቕሚ ከም ዘለዎ ክኢላታት የመልክቱ። ብተወሳኺ ጻዕዳ ሽጉርቲ 'ኣሊሲን' (allicin) ዝተባህለ ኬሚካላዊ ትሕዝቶ ስለ ዘለዎ፡ ንቲሹታት ዋሕዚ ደም ብምሕያል ሻምብቆታት ደምና ስሩዕን ጥዑይን ዘለዎ ዑደት ደም ክካየዱን የኽእሎም።

ኣብዚ ቀረባ ሳምንታት ኣብ ኣመራጻ ናይ ኣርተሪ ጸገም ኣብ ዘለዎም 42 ሰባት መጽናዕቲ ተኻዪዱ ነይሩ። ንኣቶም ኣብ መዓልቲ ክልተ ሳዕ 1,200 ሚሊ. ግራም ካብ ጻዕዳ ሽጉርቲ ዝወጸ ናይ 'ኣሊሲን' ሕሩጭ ከም ዝወስዱ ድሕሪ ምግባር እቶም 50 ሚእታዊት ዝጸንሖም ዑደት ደም ኣብ ውሽጢ ሳምንታት ክመሓየሽ ከም ዝተኻእለ ኣሃዚሩ።

**ቅብኣት ዘለዎም ዓይነት ዓሳ፦** ከም ሳልሞን፡ ቱናን 'ማከረል'ን ዝኣመሰሉ ቅብኣት ዘለዎም ዓሳታት ልዑል ትሕዝቶ 'ኦሜጋ - 3' ዝተባህለ ስብሓዊ ኣሲድ ኣለዎም። እዚ ስብሓዊ ኣሲድ ንሻምብቆታት ደምና ንምጽራይ ዝሕግዝ 'ኒትሪክ ኦክሳይድ' ዝተባህለ ኬሚካል ዝሓቕፈ እዩ። በዚ ድማ ንዑደት ደምና ከም ዘሐይሎ ክኢላታት የመልክቱ።

ስብሓዊ ኣሲድ 'ኦሜጋ - 3' ኣብ ሻምብቆታት ደምና መርጋእቲ ደም ከየጋጥም'ውን ይከላኸል እዩ።

10 ሰባት ንኣርባዕተ ሳምንታት 4.2 ግራም መዓልታዊ ዘይቲ ዓሳ ከም ዝወስዱ ብምግባር መጽናዕቲ ተኻዪዱ ነይሩ። ንኣቶም ዝተመሓየሸ ዋሕዚ ዑደት ደም ክርእዩ ከም ዝኸኣሉ ነቲ መጽናዕቲ ዘካየዱ ክኢላታት ይገልጹ።

**ቀይሕ ሱር፦** ኣትሌታት ዘለዎም ብቐዓት ንምሕያል ጽማቝ ቀይሕ ሱር ክወስዱ ብዙሕ ግዜ ይረኣዩ እዮም። እዚ ድማ ቀይሕ ሱር ብመኣዛዊ ትሕዝቶኡ ልዑል ስለ ዝኾነ እዩ። ቀይሕ ሱር ናይ 'ኒትሪክ ኣሲድ' ወህደት ስለ ዘለዎ ዑደት ደምና ኣብ ምሕያል ጠቓሚ እዩ። 'ኒትሪክ ኣሲድ' ሻምብቆታት ደምና ኣዝዩ ናብ ቲሹታት ጭዋዳታትና ብቐሊሉ ደም ክበጽሕ ይሕግዝ።

12 ኣጓብዝ ኣብ መዓልቲ 140 ሚሊ. ሊትር ጽማቝ ቀይሕ ሱር ከም ዝሰትዩ ብምግባር መጽናዕቲ ተኻይዱ ነይሩ። ድሕሪ ገለ መዓልታት እቶም ሰባት ዝሓየለ ዑደት ደም ኣብ ርእሲ ምርኣዮም፡ ኣብ ሻምብቆታት ደም ካብ ዝርኣ ምቅጻል ዝሓሸ ኮይኖም ተረኺቦም።

**ህሩድ፦** ምሕያል ዑደት ደም ሓደ ካብ ሓያሎ ጥዕናዊ ጠቐምታት ህሩድ እዩ።

ባህላዊ ፍወሳ ቻይና ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ህሩድ ንመኽፈቲ ሻምብቆታት ደምን ንመሐየሊ ዑደት ደምን ይጥቀሙሉ ነይሩ እዩ።

ኣብ ህሩድ ዝርከብ 'ኩርኩሚን' (curcumin) ዝተባህለ ኬሚካላዊ ወህደት 'ኒትሪክ ኣሲድ' ንምምንጫው ይሕግዝ እዩ።

ኣብ ኣመራጻ ኣብ ልዕሊ 39 ሰባት መጽናዕቲ ተኻዪዱ ነይሩ። እቶም ሰባት ን12 ሳምንታት 2,000 ሚሊ. ግራም ካብ ህሩድ ዝተማስረሐ 'ኩርኩሚን' ከም ዝወስዱ ምስ ተገብሩ፡ ብፍላይ ናብ ሻምብቆታት መሓውሮም ዝወርድ ዝበረ ዋሕዚ ደም ብ37 ሚእታዊት ክዓቢ ተዓዚቦም።

**ቆጽላት ኣሕምልቲ፦** ከም ስፒናቺን ሓምሊ ቆስጣን ዝኣምሰሉ ቆጽላት ኣሕምልቲ ዑደት ደም ንምሕያል ኣዝዮም ሓገዝቲ እዮም። ቆጽላት ኣሕምልቲ ንጥዕና ሻምብቆታት ደም ዘሐይሉ ልዑል ናይ 'ኒትሪክ ኣሲድ' ትሕዝቶ ኣለዎም።

ናይ ቫይታሚን 'ሲ' ፍሩታታት፦ ከም




ለሚንን ኣራንሽን ዝኣመሰሉ ቫይታሚኒ 'ሲ' ትሕዝቶ ዘለዎም ፍሩታታት ኣብ ሻምብቆታት ደም ንዘሎ ሰበሒ ናይ ምሕቃቕ ጥቕሚ ስለ ዘለዎም ንዑደት ደም ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም።

**ዝንጅብል፦** እዚ ቀመም'ዚ ኣብ ባህላውያን ፍወሳ ህንድን ቻይናን ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዙ ከም ፈውሲ ጸቕጢ ደም ኮይኑ እዩ ዘገልግል ዘሎ።

ኣብ ልዕሊ 4,500 ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ መዓልቲ ካብ 2 ክሳብ 4 ግራም ዝንጅብል ዘህለኹ ሰባት ብጸቕጢ ደም ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝተሓተ ኮይኑ ተረኺቡ።




### ብተወሳኺ...

ክብደት ሰብነትካ ምቁጽጻር፦ ክብደት ሰብነትካ ምቁጽጻር፡ ንምሕያል ዑደት ደም እቲ ዝበለጸ ኣገባብ እዩ።

ብእግሪ ቅልጥፍ ቅልጥፍ ኢልካ ምጉዓዝ፦ ከም ብእግሪ ቅልጥፍ-ቅልጥፍ ኢልካ ምጉዓዝ ዝኣመሰለ ብተደጋጋሚ ምውስዋስ ኣካላት ምኽያድ ዑደት ደም የሐይል እዩ።

መጠን ኣይረን ኣብ ኣካላትና ምሕላው፦ ኣይረን ዝበለጸ ማዕድን ኣብ ዑደት ደም እዩ። ሆሞግሎቢን (hemoglobin) ንምፍጣር ይሕግዘና። ስለዚ፡ ልዑል ኣይረን ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት ክንወስድ ንዑደት ደምና ጽቡቕ እዩ።

ምንጪ፦ health line

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ፈጠራውን ተበላሓትን ኣእምሮ

ስምኦን ወልደሚካኤል

ልዕሊ ዓቕሚ ኤርትራዊ ዝኸይድ ኤርትራዊ ጸገም የለን!



መግቢ ንምስራሕ ክሽነ ዝኣትዉ ሰባት ክልተ ዓይነት እዮም። ገሊኦም ክሽነ ምስ ኣተዉ ዝጎደለ ቀመምን ኣስቤዛን ርእዮም ናብ ድኳን ዝጎዩ ክኾኑ እንከለዉ፡ ገሊኦም ከኣ ነቲ ኣብ ክሽነ ዝጸንሖም ኣስቤዛ ርእዮም "በዚ ዘሎ እንታይ ጥዑም መግቢ ክሰርሕ እኽእል፧" ኢሎም ሓሲቦም ዝኽሽኑ እዮም። ብዘለካ ዝከኣለካ ጥራይ ዘይኮነስ ዝበለጸ ምግባር'ውን ይከኣል እዩ። ጥዑም ጸብሒ ካብ ብዝሒ ኣስቤዛ ጥራይ ትደልዮ እንተ ኴንካ እቲ ውሕልነት ዝበሃል ወሳኒ ረቛሒ ትቐትሎ ኢኻ። ብዘለካ ውሑድ ጸጋታት ተበጊስካ፡ ብናይ ምህዞን ተበላሓትነትን ኣእምሮ ኣቢልካ ዝፍጠር ጣዕሚ ፈጣሪኡ እዩ ዝፈጥሮ።

ተወፋይነት ብትምህርቲ ዘይኮነስ ካብ ነብስኻ ንላዕሊ ዝዓቢ ዕላማ ብምህላው እትላበሶ ባህሪ እዩ። እዚ ሕሉፍ ተወፋይነት'ዚ እዩ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ ብቝጽሪን ብዕጥቅን ምስ ዝዓብይዎ ሓይልታት ገጢሙ ክስዕርን ናጽነቱ ክጎናጸፍን ክዕቅብን ዘኽኣሎ። ተበላሓትነት ውላድ ተወፋይነት እያ። ውሽጣዊ እምነትን ድልየትን ክሳብ ክንደይ ንዓቕሚ ኣእምሮ ሰብ ከፊቱ ሓደስቲ መፍትሒታት ከም ዝፈጥር ገድሊ ኤርትራ ናይ ወትሩ ኣብነትና እዩ። ሓደ ሰብ ወይ ሕብረተሰብ ንሓደ ዕላማ ብምሉእ ልቡ ክውፈየሉ እንከሎ "ኣይከኣልን እዩ" ዝብል ኣተሓሳስባ ኣወጊዱ ብኸመይ ይከኣል ዝብል ሕቶ'ዩ ዘልዕል። ንሕጽረታት ከም ዕንቅፋት ዘይኮነስ ከም ብድሆ ምራኣይ ኩሉ ሰብ ዝኽእሎ ኣይኮነን። ተወፋይነት ዘለዎ ኣእምሮ ብዘጋጥሞ ሕጽረታት ኣየማርርን'ዩ። ኣብ ክንዲ "እንታይ ጎዲሉኒ" ዝብል፡ "በዚ ዘለኒ እንታይ ክገብር እኽእል" እዩ ዝብል። ኣብ መንጎ "እንታይ እዩ ጎዲሉኒ" ምባልን "በዚ ዘለኒ እንታይ ክገብር እኽእል" ምባልን ዘሎ ፍልልይ ንምርዳእ ንሓንሳእ ነስተንትን። ብዘለኒ እንታይ ክገብር ይኽእል ምባል ዘይተለምደ መፍትሒታት ብምምሃዝ ንዓበይቲ ጸገማት ምእላይ ዘኽእል ተበላሓትነት ዝፈጥር ለዋጢ'ዩ።

ውፉይን ተበላሓትን ሰብ ነቲ ዘይብሉ ነገር ይጠልቦ ዘይኮነስ ይፈጥሮ እዩ። እዚ ሓሳብ እዚ ኣብ መንጎ ተጸባይነት (ፍታሕ ካብ ላዕሊ ወይ ካብ ካልእ ክመጸካ ምጽባይ) ን ፈጠራውነትን (ብዘለካ ዝከኣለካ ምግባር)ን ዘሎ ዓቢ ፍልልይ ኣነጺሩ ዘርኢ ኣብነት እዩ። "እዚ እንተ ዝሃልወኒ ነይሩ" ወይ "እዚ እንተ ዝግበረለይ ነይሩ" እናበልና በቲ ዘለና ክእለት፡ ገንዘብ፡ ግዜ፡ ብልጫ ወዘተ ዝከኣለና ካብ ምግባር ዓዲ ንውዕል ውሑዳት ኣይኮንናን። ተወፋይነትን ተበላሓትነትን ዘጥረዩ ሰባት ከኣ ነቲ ዘይብሎም ነገር ተኣሚኖም ወይ ፈሊጦም በቲ ኣብ ኢዶም ዘሎ "እንታይ ክገብር ኣለኒ" ኢሎም ይብገሱን ገለ ነገር ይገብሩን። ንውፉይን ተበላሓትን ሰብ እቲ ዘይብሉ ነገር ከም ዕንቅፋት ዘይኮነስ ከም መበራበሪ ውሽጣዊ ዓቕሙ እዩ ዝቖጽሮ። ነቲ ዘይብሉ ጸጋታት ካብ ካልእ ኣካል ክመጾ ወይ ክወሃቦ ኣይጽበን፣ ኣብ ክንድኡ ብፍልጠቱ፡ ብሓይሉን ብኣእምሮኣዊ ምህዞኡን ነቲ ዝደልዮ ባዕሉ ይፈጥሮ።

ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ኤርትራ ዘመናዊ መሳርሒታት ሕክምና፡ ፋብሪካታት ወይ ናይ ተክኖሎጂ ደገፍ ኣይነበረን። እንተኾነ፡ ውፉያትን ተበላሓትን ተጋደልቲ ነቲ ዘይብሎም ዘመናዊ መሳርሒታት ካብ ካልእ ክመጽኦም ኣይተጸበዩን። ብባህሊ "ተበላሓትነት" ኣብ ውሽጢ መሬት ፋብሪካታት ተኺሎም መድሃኒታት ምሂዞም፡ በበዓይነቱ ኣጽዋር ኣመሓይሾም፡ ለቢቦምን ለዊጦምን መካይን ኣዛዊሮም። ብዘይተለምደ ኣገባብ ተኣምራት ሰሪሖም። ነቲ ዘይብልካ ነገር ምጥላብ ተጸባዪ እዩ ዝገብር። ምፍጣር ግን ወናኒ ዕድልካን መላሲ ሕቶታትካን ዝገብር ጸጋ እዩ። ተመኩሮና፡ ነቲ "ጸገም መበገሲ ምህዞ እዩ" ዝብል ኣበሃህላ ብግብሪ ኣሰኒዩ ሓደ ሰብ ወይ ሕብረተሰብ ካብ ተጸባይነት ተላቒቑ ብገዛእ ዓቕሙ ታሪኽ ክሰርሕ ከም ዝኽእል ዘርኣየ ተመኩሮ እዩ። ሰብ ብኣጋጣሚታት ወይ ብሕጽረት ጸጋታት ዝውሰን ዘይኮነስ፡ ብዝወስዶ ውሳነታትን ብዝገብሮ ተግባራትን እዩ ዝግለጽ። ውፉይን ተበላሓትን ኣእምሮ፡ ንሓደ ሕጽረት ወይ ብድሆ ከም ዘልኣለማዊ ገይሩ ኣይቅበሎን'ዩ።

ኣብ ኣካዳምያዊ ዓለም ብዙሓት ተመራመርቲ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ብዙሕ ሓሳባት ኣውሪዶምን ኣደይቦምን ዝቐረቡልና ሓሳባት ኣለው። ሓደ ካብኡ ጥቁው ምህዞ (Frugal Innovation) ዝበሃል እዩ። እዚ ኣምር'ዚ ብውሑድ ሃብቲ ወይ ሃልኪ ዓብን ዘተኣማምንን መፍትሒ ምምሃዝ ዝብል እዩ። ምህዞ ካብ ሃብቲ ዘይኮነስ ካብ ድልየትን ተበላሓትነትን ከም ዝውለድ ከኣ የረድእ። ክልስ ሓሳብ ግብራውነት (Theory of Effectuation) ተባሂሉ ዝግለጽ ክልስ ሓሳብ ከኣ ተበላሓቲ ሰብ ብዘለኒ ጸጋታት እንታይ ክሰራሕ ይከኣል፧ ኢሉ ከም ዝጅምር እምበር ንሓደ ስራሕ ንምዕማም ዝጎድልዎ ነገራት ከም ዘይርኢ ይገልጽ። እዞም ክልስ ሓሳባት እዚኦም ከም ጥሙር ኣካዳምያዊ ሓሳብ ድሒሮም ዝተጻሕፉን ዝተወዓውዑን ክልስ ሓሳባት እዮም። ንሕና ግን ከም ሓሳባት ዘይኮነስ ከም ግብርን ባህልን ኣቐዲምና ክንሰርሓሎም ዝጸናሕናን ፍረኡ ዝረኣናን ኢና። ካብቲ ናይ ህዝባዊ ግንባር "ብዘሎካ ዝከኣለካ ምግባር" ን"ርእስ ምርኮሳ" ዝብሉ ዓበይቲ መትከላት ዝፈሊ የብሎምን።

እዞም ሎሚ ብምሁራት ከም ሓድሽ ሓሳብ ተባሂሎም ዝግለጹ ዘለዉ ናይ ምዕባለ ክልሰ ሓሳባት ምስ ናይ ሕሉፍ ተመኩሮናን ሕጂ ሒዝናዮ ዘለና መትከልን ዝፍለ ኣይኮነን። ናይ ሓደ ሃገር ምዕባለ ብቐንዱ ካብ ደገ ብዝኣቱ ሓገዝ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጣዊ ናይ ምህዞ ዓቕሚን ሰብኣዊ ርእሰ ማልን ዝተመርኮሰ ምዃኑ ዝገለጹ ምሁራት በዚ ሓሳብ'ዚ ተሸሊሞም እዮም። ነዚ ሓቂ'ዚ ግን ካብ ቀደም ኢና ንፈልጦን ንኣምነሉን ኔርና። ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ (1994) ነዚ ሓቂ'ዚ ክጠቕሶ እንከሎ "ኣብ ምህናጽ ቁጠባ እቲ ወሳኒ ሰብ እምበር ባህርያዊ ሃብቲ፡ ርእሰ ማል ወይ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ኣይኮነን" ብምባል ይጠቕሶ። ተበላሓቲ ሕብረተሰብ ብናይ ውሽጢ ዓቕሙ ንጸገማቱ ዝኾኑ መፍትሒታት ክፈጥር ፋሕተርተር ክብል እንከሎ እዩ ዝምዕብል። ምዕባለ፡ ብውፉይነትን ብተበላሓትነትን ዝህነጽ እምበር ዝግዛእ ወይ ዝዕደል ኣይኮነን።

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ተበላሓትነትን መሃዝነትን ኣብ መንእሰያትን ተመሃሮን ንምዕባይ ኣብ ምኽያድ ዝተፈላለዩ ናይ ፈተነ ንጥፈታት ተጸሚዱ ይርከብ። መንእሰያት ፈጠራዊ ትሕዝቶኦም ዘቕርብሉ ብርክት ዝበሉ መድረኻት ኣዳልዩ ብዝዓቕሙ የተባብዕ ኣሎ። ንጸገማት ሕብረተሰብና ንምቅላል ወይ ንምልጋስ ሰናዕቲ፡ ፈጠርቲ ወይ መሃዝቲ ክስስኑ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ምምሕዳራትን ካልኦት ኣካላት መንግስትን ብንጥፈት ክዋስኡ እዋኑ ዝጠልቦ እዩ። ጸገማትና ንምፍታሕ ንምሕጸና ግዳማዊ ኣካል የለን። ንጸገማትና ዝኸውን ፍታሕ ኣብ ውሽጥና ኣሎ። ልዕሊ ዓቕሚ ኤርትራዊ ዝኸይድ ኤርትራዊ ጸገም የለን።

ልቦና

# ሰሓቕ!



ሒእ ሒእ እናበለ ዝጀመረ ደሃያ፡ እንታይ እዋኑ ናብ ንኽንኽታ ተቐይሩ ከይተረድኣኒ ኣቓልቦይ ክትስሕብ ከኣለት። ዓው ኢላ ክትስሕቕ ከላ ድሮ ግልጽ ኢለ እጥምታን ይኄረ። ኣብ ገጻ ሓጎስ ዘዕለቕልቕ መንፈስ ይንበብ ነይሩ፣ ኣዝያ ዝተፈሰሀት ትመስል። ብርግጽ እውን ብፍስሃ መሊኣ ነይራ። ዝተጨራርሐ ኣስናና ጋሊሃ ክትስሕቕ ከላ፡ እቲ ንማንም ሰብ ጸቕጢ ዝፈጥር ናብራ፡ ኩነታት፡ ድሌታትን ዘይምሉእነትን ንኣኣ ዝምልከታ ኮይኑ ኣይተሰምዓንን። ካብ ሰብ ወጻኢ ገይረ ስለ ዝቐረጽኩዋ ግዲ ኮይነ ከኣ፡ ኩሉ ኣብዛ ምድሪ ዘሎ ፍጥረት ሰብ ዘበለ ከም ናታ ሰሓቕ እናሰሓቐ ክነብር ተመንየሉ፣ ንባዕለይ ሓዊስካ ማለት እዩ።

ብርግጽ ሰብ እያ። ድሒረ ከም ዝተገንዘብክዎ ንሽጣራታት እዛ ዓለም ኣጸቢቓ ተረዲኣ እትነብር ሰብ ምዃና እየ ፈሊጠ። ኣብዛ ምድሪ ብዙሕ ንኽይትሕጎስ ዝዕንቅጹ፡ ዘሐጉስ እንተ ረኺብካ እኳ ሓጎስካ ነዊሕ ከይሰጉም ዝሓልኩ ሕልኽላኻት መሊኦም እዮም። ጽልኢ፡ ቂምታ፡ ቁጠባዊ ዘይውሑስነት፡ ዝምድናዊ ሽግራት፡ ዘይዕጉብነት ኣብ ስራሕ፡ ጉድለት ርእሰ ተኣማንነት፡ ኮታስ በብሓደ ክትዝርዝር እንተ ጀሚርካ እልፊ ዘይብሎም ጭንቂ ዝዕድሙ ድርዳራት ምኽንያታት ኢኻ ተምጽእ። እዛ ኣብ ሓደ ቦታ ኮፍ ኢለ ከለኹ ክትስሕቕ ርእየያ ዘሰሓበትኒ ጓል ግን ነዚኣቶም ንምዝርዛር ዝተርፍ ግዜ ዘለዋ ኣይትመስልን። ንጎድሎታታ ብሰሓቕ እናመልአት ሕጉስ ህይወት ከተሕልፍ ዝሃቀነት እያ ትመስል።

ጸዕርና ኩሉ ነዛ ኣብዛ ምድሪ ዘላትና ዕምሪ ሕጉሳትን ኣስተማቓርቲ ጽቡቕን ኴንና ክንሓልፋ ይግባእ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ኣፍካ ምስ ኣእተኻዮ ዘዕርዕረካ እሞ ንእለት ጡፍ ትብሎ መሪር ነገር፡ ንሽግራት እውን ቀልጢፍ ኢልና ክንተፍኦም እዩ ዝግባእ። ግዜ ሂብና ኣብ ሓንጎልና እናመላለስና ከነምርረሎምን ከነንጽረሎምን እንተ ጀሚርና ግና ንኣእምሮና ብሒቶም፡ ሕዩራት ናይ ቀዙንን ሕሩቕን ህይወት እዮም ዝገብሩና። ካብዚ ማሕዩር ክንላቐቕ እምበኣር ብዘለና ንሓጎስ ክንስዕብ ኣለና።

ሰሓቕ ዝነቶጎ ሓጎስ እዩ። እንተ ክእልና ኣብ ዝኾነ እዋን ንስሓቕ። ነገራት ሕማቕ ኣብ ዝኾኑሉ ንነብስኻ ብጭንቀት ካብ ምቕታል ከድሕነካ ዝኽእል መድሃኒት እዩ። ብኸ፡ ግና በይንኻ ኢኻ ክትበኪ፣ ብኣንጻሩ ግና ሰሓቕ እሞ ዓለም ድማ ምሳኻ ሓቢራ ክትስሕቕ እያ። ንዘለዉኻ ጸገማት እናቐሳቐስካ ክትትክዝ ካብ ምውዓል፡ ንዘለካ እናኣድነቕካ፡ ንዝጎነፈካ ዕሸሽ እናበልካ፡ ንዘድልየካ እናጸዓርካ፣ ምሳኻን ኣብ ከባቢኻን ምስ ዘለዉ ተጸምቢርካ ኪርኪር በል። ዓው ኢልካ። ንባዕልኻ እናሰሓቕካ ምሳኻ ንዘሎ ኣስሕቕ እሞ ዓለም ብዝቐረበትልካ ሕልኽላኻት ከም ዘይወደቕካ ርእያ ቀዲማትካ ኢዳ ክትህብ ምኧና ርጉጽ እዩ። ብጓሂካ ዝሕጎስ ውሑድ ክህሉ ይኽእል ይኸውን፡ ብምስሓቕካ ግን ኩሉ ከምዚ ከማይ እዩ ዝሕጎስ።

ስለዚ ሰሓቕ! እናሰሓቕካ ንበር።

ብርዒ ወጋሕታ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ወ/ሮ ዲያና ኣፈወርቂ ብርሃ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሚኪኤል ጉብረብርሃን ጸሎዬ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብ ሚካኤል ጴጥሮስ ደበሱ፡ ወለደይ ጴጥሮስ ደበስ ትኩእን ምሕረታ ኣስፍሃ ዘርኣን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋባእያ ይቕረብ፡፡

---

ብስም ወ/ሮ ሃይማኖት ሞኸስ ዑቕባማርያም፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00007473 ቑጽሪ መዝገብ 00006499 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ጸሮና ዓዲ/ከተማ ሓ/ከ/ጸሮና ዝርከብ ናይ ማስተ ትካሊዩ፡ ንወ/ሮ ኣለም በሪሁ በራኺ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ጸሮና ዓዲ/ከተማ ሓ/ከ/ጸሮና - ተሌፎን 07327337 ካብ ዕለት 20/07/2026 ክሳብ ዕለት 20/07/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ሃይማኖት ሞኸስ ዑቕባማርያም

---

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ምምሕዳር/ከ/ቢ ፍትሒ ብቑ/ፍቓድ ዋኒን GBL00001968 ናይ E 40 መኪና ናይ ቦጥ ትካሊዩ፡ ንኣቶ ፍጹም ሰለሙን ጉብረማርያም፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ምምሕዳር/ከ/ቢ ፍትሒ ብ ናቕፋ ብዕለት 24/09/2026 ብቑ.መዝገብ 6266617 ስለ ዝሸጥኩሉ/ላ፡ ብስም ሺያጢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

ኤልሳ መኮነን

---

ብስም ወ/ሮ ኣባዲት ኢያሁኣይ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 0005246 ቑጽሪ መዝገብ 00004778 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓረዛ ዓዲ/ከተማ ማይ ድማ ዝርከብ ናይ መ/መስተን ትካሊዩ፡ ንኣቶ/ወ/ሮ ፍትሒ ገ/ሂወት፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓረዛ ዓዲ/ከተማ ማ/ድማ - ተሌፎን 07513222 ካብ ዕለት 15/08/2026 ክሳብ ዕለት 15/04/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ኣልማዝ ኢያሁኣይ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጸጸራት ከ/ቢ ቤት መኻእ፡ ብስም ህይወት ኣስፍሃ ተሰኣልዳት፡ ዚፕ ኮድ 1A293 ፕሎት 33 ፓርሰል B ዓይነት ህንጻ ተራ ገዛ ዝኾነ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቑጽሪ ንብረት 1BRASM019074/1 ብዕለት 26/08/2024 ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ፡ ናብ ስም ጉት ምሕረትኣብ ጉብረትንሳኤ ብወሃብቶ ናብ ስማ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ በዚ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ'ውን ናይ መውዓሊታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ተቓውሞ ምስ ዘይቀርብ ግን ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ነፍልጥ፡፡

ህይወት ኣስፍሃ

---

ብስም ወ/ሮ ዘምዝም ኪያር፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 12011 ቑጽሪ መዝገብ 10296 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ቤት ቁርሲ ትካሊዩ፡ ንወ/ሮ ራሄል መሓሾ ወልዱ፡ ዓዲ ዞባ ደቡብ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ - ተሌፎን 07941410 ካብ ዕለት 31/12/26 ክሳብ ዕለት 1/01/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ዘምዝም ኪያር

---

ወ/ሮ ደርጋኣለም ፍትዊ ሃይሉ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ምቕላውን ምዕሻግን ቡን ንግዳዊ ትካለን፡ " ምቕላውን ምዕሻግን ቡን ሚዮ" (MIO COFFEE ROASTING & PACKING) ተባሂሉ ክስየማለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቀድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ንካልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ዓዳጊ ኣሃዱ፦ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል
ኣርእስቲ፦ ውዕል ቀረብ መግቢ (እንቋቑሖ) ንዓሰርተ (10) ኣዋርሕ
ብዝሒ፦ 134 ተማሃሮ
ኣገባብ ዕድጊ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ንዓመተ 2027 ካብ ጥሪ 01/2027 ክሳብ ታሕሳስ 31/2027 ንኣብ ትሕቲኡ ትመሓደር ኣሕዳሪት ቤ/ትም/ኣብራሃ ባህታ፡ ንዓሰርተ ኣዋርሕ (ብዘይካ ሓምለን ነሓሰን) ዝኸውን ቀረብ መግቢ (እንቋቑሖ) ክዋሃብ ኣብ ጉዳይ ቀረብ ምግቢ ዝሕግዝ ዘለዉ ሕጋውያን ነጋዶ ይዕድም፡፡

ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-1546 ቑጽሪ መዝገብ DAR-

---

ብስም ሓደሽ ደባስ ተስፋማርያም፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-1546 ቑጽሪ መዝገብ DAR-1347 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ ዝርከብ ናይ G22 ትካሊዩ፡ ንወ/ሮ ራህዋ ዘርኡ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ መጠራ - ተሌፎን 07704082 ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ሓደሽ ደባስ

---

## ንካልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ዓዳጊ ኣሃዱ፦ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል
ኣርእስቲ፦ ውዕል ቀረብ መግቢ (እንቋቑሖ) ንዓሰርተ (10) ኣዋርሕ
ብዝሒ፦ 134 ተማሃሮ
ኣገባብ ዕድጊ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ንዓመተ 2027 ካብ ጥሪ 01/2027 ክሳብ ታሕሳስ 31/2027 ንኣብ ትሕቲኡ ትመሓደር ኣሕዳሪት ቤ/ትም/ኣብራሃ ባህታ፡ ንዓሰርተ ኣዋርሕ (ብዘይካ ሓምለን ነሓሰን) ዝኸውን ቀረብ መግቢ (እንቋቑሖ) ክዋሃብ ኣብ ጉዳይ ቀረብ ምግቢ ዝሕግዝ ዘለዉ ሕጋውያን ነጋዶ ይዕድም፡፡

1. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ጀሚሩ ድሕሪ 15 መዓልታት፡ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ብኣካል ኣብ ዝተረኽቡሉን ከምኡ'ውን ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሕጋውያን ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ሰዓት 10:30 ቅ/ቀትሪ ይኽፈት፡፡

3. ብተጫረቲ ክማልኡ ዘለዎም ረቛሒታት

3.1 ዝኸፍልዎ ዋጋ ብዕሹግ ሰታሪት የቕርቡ፡፡

3.2 ቅዳሕ ናይ 2025 ዓመት ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን፡ ቅዳሕ መንነትን ናይ 2025 ካብ ዕዳ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ናጻ ምዃኖም ዝሕብር ሰነዳትን (Clearance) የቕርቡ፡፡

3.3 ሰነድ ጨረታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ ቁ.8 ካብ ቤ/ጽ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ዘይምለስ 50.00 (ሓምሳ) ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡

3.4 መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ 20,000.00 (ዕስራ ሽሕ) ናቕፋ ብቸክ ወይ ብC.P.O የትሕዙ፡፡

4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ኣብ ስራሕ ሰዓታት ኣብ ቤ/ጽ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ቁ.8 እናመጹ ክወከሱ ይኽእሉ፡፡

5. ቤ/ጽ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ ዞባ ማእከል
ቁ.ቴሌፎን 180386

---

ወ/ሮ ኣና ጉብረኣምላኽ ጉብረሚካኤል (ወኪል)፡ ዝተፈቕደለን ናይ መዕረፊ ኣጋይሽ ንግዳዊ ትካለን፡ "መዕረፊ ኣጋይሽ ሓዳስ" (HADAS PENSION) ተባሂሉ ክስየማለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቀድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

የርዳኖስ ክፍለ ተወልደ፡ ብዓል ቤተይ ከርስ በየነ ነጋሲ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ገብርኤል ሚካኤል ማሕሙድ፡ ወለድና ሚካኤል ማሕሙድ መዓሸን ብርኸቲ ጥሉቕ ሓማድን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ዓብዱ ዑመር ማናይ ምግል ተረፉ፡ ዓብዱ ዑመር ማሕሙድ ማናይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ብስም ሓሰን መሓመድ ሓሰን +6 ብቤት ጽሕፈት ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ 121431 መወከሲ ቁጽሪ 108372 ከምኡ'ውን ብቤ/ጽ ካዳስተር ብቑ.ንብረት 26884/38983 ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ዞባ 1 ምም/03 ጎደና ሜዳ ኤርትራ ቁ.ገዛ 6 ሎታ 10 ዝርከብ ንብረት፡ ካብ ኣሕዋተይ 2 1.ኣፍ/ዓብደረሓም መሓመድ ባሙሽሙሽ 2.ኣፍ/ ሓሰን መሓመድ ባሙሽሙሽ ስለዝዓረፉ፡ ናብ ወረስቶም ክሰመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤ/ ጽሕፈት ኖታርን ክፍሊ ካዳስተር ዞባ ማእከልን ይቕረብ፡፡

ዓብደላ ሰዒድ መሓመድ

---

ኣቶ ርእሶም ንርኣዮ ጊላጋብር፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ምምኻርን ምትርጓምን፡ ምስላጥን መጽናዕቲ ፕሮጀክትን ንግዳዊ ትካሎም፡ "ትካል ምምኻርን ምትርጓምን ኣርማና " (ARMANA CONSULTANCY ENTERPRISES) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ወ/ሮ ሳምያ ኣሕመድ ኢብራሂም፡ ዝተፈቕደለን ናይ ቤት ዕዮ ማስትያት ንግዳዊ ትካለን "ቤት ዕዮ ማስትያት ሓቢብ" (HABIB GLASS WORKS) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ሙሉጌታ በርሀ ኪዳነማርያም ዝተባህልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ "ኣስመራ" ምም ከበቢ ተራቮሎ ፕሎት "99" ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00047614 ፓርሰል "E'1"ዝርከብ ኣብ 236.74 ት/ሜተር ዝተደኮነ ገዛ፡ ብመለለዪ ቁ.ንብረት "1:004679" ብዕለት 19/09/2014 ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናብ ወ/ሮ ፍረወይኒ ገብራሂወት መሓሪ ስለዝሸጥኩዎ'ሞ ስም ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሙሉጌታ በርሀ ኪዳነማርያም

---

ብስም ወ/ሮ ለተብርሃን ገብረትንሳኤ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 15970 ቁጽሪ መዝገብ 13997 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ እንዳ ቾኮለስታ ትካለይ፡ ኣቶ ማስፍን ግደይ ገብረእግዚኣብሄር፡ ዓዲ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ተሌፎን 07237132፣ ካብ ዕለት 11/08/2026 ክሳብ ዕለት 11/08/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ለተብርሃን ገብረትንሳኤ

---

ብስም ኣሮን በየነ ተስፋማርያም፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00042071 ዝሾ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰረጃቓ በለዛ ቁ.ገዛ– ዝርከብ ናይ ቤት መስተ ትካለይ፡ ንኣቶ ኢሰያስ የናስ የሴፍ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰረጃቓ ቁ.ገዛ– ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ኣሮን በየነ ተስፋማርያም
ሕጋዊ ወኪል በየነ ተስፋማርያም ኣርኣያ

---

## ንካልኣይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ውዕል ዓመታዊ ቀረብ ገፍርብርበረ ምስ ቀመሙ ንተማሃሮ ንዓመተ 2027

ዓይነት– ቤት ትምህርቲ ስነ ብኑት ዊና ናቕፋ ኣሕዳሪት ቤት/ት/ሰውራ 2ይ ደረጃ ጸብራ ናቕፋ

ኣርእስቲ ውዕል– ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ

ኣገባብ ዕድጊ– ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ስነ ብኑት ዊና ናቕፋን ኣሕዳሪት ቤት/ት/ ሰውራ 2ይ ደረጃ ጸብራ ናቕፋን ካብ 01 ጥሪ ክሳብ 31 ታሕሳስ 2027 ንተማሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ

ኮማርት ስለ ዘድለዩ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

1. ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ስነ ብኑት ዊና ናቕፋን ኣሕዳሪት ቤት/ት/ሰውራ 2ይ ደረጃ ጸብራ ናቕፋን ንዓመተ ትምህርቲ 2027 ዝውዕል ቀረብ መግቢ ገፍርብርበረ ምስ ቀመሙ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፡ ዋጋ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን መንነትን ናይ ዓመተ 2025 ክሊራንስን የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቁ.20 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ክሳብ ሰዓት 9:45 ቅ/ቀትሪ ኣብ መጫረቲ ቦታ ሚ/ትምህርቲ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፡ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰበ፡ ስነ-ስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ ቸክ CPO 20,000.00 ናቕፋ ተጫራታይ ከትሕዝ ኣለዎ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳርን ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ትምህርቲ
ተሌፎን 200593/123749

---



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቑ. ስልኪ 110179 ደውሉ ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ሓጺር ገምጋም መጽሓፍ “እንታይ ይሓይሽ፧”

**ዘመንፈስ ሃይለ**

*ምስ ገጣሚ መለስ ንጉሰ ኣብ 1993 ኢና እንፋለጥ። ዘፋለጠና ከኣ ፍቕርና ንስነጽሑፍ'ዩ። ንሱን ካልኦት ከማና ዝኣመሰሉ ፋሕ ፋሕ ዝብል ፍቕሪ ስነጽሑፍ ዝነበረናን ገና ዕስራ ዘይመላእና ኣባጽሕን ጎራዙትን መዛኡ ኾይንና፣ መበእታዊ ስልጠና ስነጽሑፍ ክንወስድ፣ ኣብ ክራማት፣ ኣብ ኣዳራሽ ጁንዮር ክለብ ሃማመተኤ ኢና ተራኺብና።*

***

መለስ በታ ኣብ 2008፣ ዝተቓልዐት ቀዳመይቲ ናይ እኩብ ቅንጾታቱ መጽሓፍ፣ ንኡድ ስም ዝረኸበ ቀናዪ እዩ። እንሆ ድሕሪ 18 ዓመት ድማ፣ ነዛ ካልኣይቲ መጽሓፉ የበርኲተልና ኣሎ። ዋላ'ኳ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ብመልክዕ መጽሓፍ ኣሕቲሙ ካብ ምዝርጋሕ ንነዊሕ ዓመታት ጠፊኡና እንተነበረ፣ ብዝተፈላለየ ናይ ማዕከናት ዜና ኣበርኪቶኡን ናይ ሃገራዊ በዓላትና ቅንጾታዊ ዕዮታቱን ግና ከሙቕና ጸኒሑ እዩ።

ኣብ መንጎ መጽሓፍ፣ “ዘሎ'ዩ ዝህሉን” እዛ ሎሚ እትቃላዕ ዘላ መጽሓፉ፣ “እንታይ ይሓይሽ”ን፣ ንዘሎ ዓመታት ብምቑጻር ከኣ፣ ንቀናዪ እውን ብኡ መጠን፣ “ሞያዊ ዕብየቱ ከመይ ቀጺሉ፧” ኢልካ ከም እትሓትት እዩ ዝገብረካ። መጽሓፍ፣ “ዘሎ'ዩ ዝህሉ”



መለስ ንጉሰ

ኣብ ግዜኡ፣ ኣብ ምብራኽ ደረጃ ብቕዓት ኤርትራዊ ቅንጾት ዝከበረ እጃም ክሳብ ምምጻእ ናይዛ ብተርታ ምንኣሳ ዝኾነት መጽሓፍ ክብሩ ዓቢ'ዩ ጸኒሑ። መጽሓፍ “እንታይ ይሓይሽ፧” ግና ብናተይ ገምጋም፣ ነቲ ብራኽ ኣሰጉማቶን ክብረ ወሰን ቀናዪ ብናቱ ስራሕ ሰይራቶን ኣላ ብሃላይ እየ።

ቀናዪ መለስ፣ ኣብዛ ሓዳስ መጽሓፉ፣ ዝያዳ ብዕምቀትን ብስለትን ሓሳባትን ብስፍሓት ሸፊኑ ዛዕባታትን ቅንጾታዊ ኣቃውማን በሪኹ እዩ መጺኡ ዘሎ። እዚ ከኣ ብሓቂ እቲ ካብ ነፍስወከፍ ኣብዚ ዓውዲ ዝተዋፈረ ሞያዊ እትጽበዮ ተግባር እዩ። ካብቲ ትማሊ ሎሚ ዝያዳ በሪኽካ ምቕራብ፣ ንጽባሕ ከኣ ካብኡ ንላዕሊ ምብራኽ። እቲ ነዚ ምብራኽ'ዚ ዝፈጥሮ ከኣ፣ ንኩብስኻ ቀጻሊ ተማሃራይ ብምግባር'ዩ ዝጥረ። መለስ ኣብ ሞያኡ ብቐጻሊ ፍልጠቱ ዘስፍሐ ምዃኑ ድማ፣ እንሆዉ ቅንጾታቱ ይምስክሩሉ።

ስነጥበብ ሓደ ካብኡ ከኣ ቅንጾት፣ ከም ቅጥዒ ወይ ሕጊ፣ ብቕዓቱ ዝልክዓሉ ኣገባብ ኣለዎ። ንሳቶም ከኣ፣ ሓይሊ ምፍጣር ቅጀላ፣ መለሳ ናዕታታት፣ ፈጠራውነት፣ ፍልስፍናን ኣገላልጻን፣ ወዘተ ዝኣመሰሉ እዮም። ኣሪስቶትል፣ ኣብ Poetics፣ “ቅጀላውነት (Figurative language) ብመገዲ ውስጠዘ ኣቢልካ ድዩ፣ ብምንጽጻር፣ ብመለሳ ስም፣ ብውኽክል፣ ወይስ ብምጸት ኮነ ብኣሽሙር፣ ወይ እውን ብኹላቶም ኣቢልካ ዝፍጠር፣ እቲ ዝያዳ ኣገዳሲ ባእታ ሓደ ቅንጾት እዩ፣” ይብል።

እዞም ኣብዛ መጽሓፍ ዘለዉ ቅንጾታት ከኣ፣ ካብታ ቀዳመይቲ “ዓርኰበኰባይ” ተር ኣቢልና ምስ እንግምግሞም፣ ኣውራ ኣውራ ኣብዚ፣ መዳይ'ዚ ዕዉታት ኮይኖም ንረኽቦም። ተቐጀልቲን ኣቐጀልትን እዮም። ምስኡ'ውን፣ ቀናዪ፣ ብቑዕ መለሳ ናዕታቱን ብፍሉይ ከኣ ካብዚ ቀረባ ዓመታት ንነጀው፣ ብምድግጋምን ብድግመት ኣፈናን ብ (alliteration and repetition) ብናይ ቃላት ብሉጽ ምርጫን ዝልለ እናኾነ መጺኡ እዩ። ብሳላ'ዚ ከኣ፣ ሓይሊ ሓሳባትን ቅጀላውነትን ክሳብ ዘሎ፣ ድኹምነት ናዕታታት ከም ዝሰዓር'ውን ክርእየና ክኢሉ እዩ። ንኹሎም ዓይነታት ናዕታ፣ ማለት እንኮላይ ንናዕታ ውሽጠ፣ (ኢንተርናል ራይም) ብዘዋግእ እናኣለለየ ከኣ፣ ንቅንጾታቱ ዝኾነ ሰብ እናኸንብቦም ብቐሊሉ ከዘይሞም ዘየጸግሙ ገይሩ እዩ ኣዳልዩዎም ዘሎ።

መለስ፣ ዘመናዊ ገጣማዊ ድኣ ይኹን'ምበር፣ ምንጪ ዕዉት ቅንጾታቱ፣ ያታዊ መሰረት ዝሓዙ ምዃኖምን፣ ንሱ'ውን ነዚ ኮነ ኢሉ ከም ዝሰርሓሉን፣ ኣብዛ መጽሓፍ'ዚኣን ኣብታ ዝቐደመት “ዘሎ'ዩ ዝህሉን” ደሚቑ ዝርአ እዩ። ንምስላታትን ወግዕታትን ግርም መካወኒ ቅንጾታቱ ገይሩ ኣእትዩዎም ይርከብ። ንሃገራውን ዓለማውን ቅያታትን ስነጥበባዊ ጠባያትን ስነጥበበኛታት'ውን ጥረ ነገር ዕዮኡ ገይሩ ተጠቂሙሎም ኣሎ፣ ምኽንያቱ ከኣ፣ ተደጋጊሙ ከም ዝበሃል፣ ኩሉ ግዜ ስነጥበበኛ ምንጪ ጭቡጥ ዓወቱ፣ ገዛእ ብቕዓቱን ተውህቦኡን ልዕሊ ኩሉ ከኣ፣ ምውሓስ ህሉውን ሕሉፍን ስርሓት ቀዳሞት ስነጥበበኛታትን (እቲ TS ELIOT: “Tradition and individual talent”) ኢሉ ዝገለጾን ምዃኑ'ዩ ዝፍለጥ።

ቅንጾት፣ እቲ ኣዝዩ ቅርጡውን ጥርኑፍን ግና ከኣ ገላጽን ቋንቋ እዩ። መጽሓፍ እኩብ ቅንጾታት እንታይ ይሓይሽ፧ መቕድሙን መእተዊኡን ከይተረፈ ዳርጋ ብጥጥማዊ ኣገባብ'ዩ ቀሪቡ ዘሎ። ከምቲ፣ Samuel Taylor Coleridge፣ “the best words in the best order,” ኢሉ ዝገለጾ ከኣ፣ ቀናዪ ምልከቱ ኣብዚ፣ ኣብ ብምሉኦም ትሕዝቶታት'ዛ መጽሓፍ ብዘዋግእ ኣርእዩና ኣሎ።

ቀናዪ፣ ናይ ቃላት ሃብቱን ሓርነቱን ዝንኣድ እዩ። “ናተይ” ዝሰመያ ቅንጾቱ ድማ ናይዚ ውጽኢት መርኣያ እያ። ነቲ ዘይንፈልጦን ‘እዚ ዶ ይኸውን’ ክንብሎ ዘይንኽእልን ሰያመ፣ ግዛዕ ምዛዕ ከም ዝዓይኑ ገይሩ፣ ተራኺን ኣፍቃሪቱን ዝፈልጡዎ ባእታ ኣተኣታትዩ ድማ ንረኽቦ። ኣብ ገጽ 92፣ “እንታይ'ዩ ኣብ መንገና ፈንጂ ተፈንጂጁ፣ “ተፈንጂጁ” ዝብሃል ቃል ልሙድ ኣይኮነን፣ ገጣማይ ግና ኮነ ኢሉ ሓርነቱ ተጠቒሙ፣ ኣእትዩዎ ኣሎ። “ሕንጻብ ምንጻብ”ን ካልእን ዝብሉ ቃለት ከኣ መርኣያታቱ እዮም። ዳርጋ ኣብ ኩላቶም ቅንጾታቱ ከኣ፣ ንዘለዎ ግጥማዊ መሰል ብዘዋግእ ተጠቒሙሉ ንረኽቦ።

ቅንጾት ንጅግንነትን ሃገራውነትን ዘበርኽን ዝድርኽን ክኸውን ኣለዎ። መለስ ከኣ፣ ብጎቦ ዓድና፣ ወዲ ፈንቅልን .. ድምጺ እኽልን ኣቢሉ፣ ነዚ እዩ ዝዓምም። ቀናዪ፣ ጸግዒ




መጽሓፍ እንታይ ይሓይሽ

ውጹዓትን ደለይቲ ሓርነትን ኮይኑ፣ ኮናኒ ዓመጽን ዓሎቑን ክኸውን ‘ተዘይክኢሉ፣ ኣገልጋሊ ሰጋኡን ግዙእ ጣቕዒትን ተበላጽን ካብ ምዃን ዝሓብኦ ወይ ዝኸውሎ ነገር የሎን። ቀናዪ ነዚ ብቕንጾቱ ገይሩ ገሊጽዎ ኣሎ።

ከምቲ ኣብ ገዛእ ናይ ቃልስና ንሓርነት'ውን ዝተረጋገጸ፣ ዕማም ገጣማይ ንዝደቀሰ ውነ ምብርባር፣ ንዝደስከለ ኣእምሮ ምንቅቓሕ ንዝቐይሐ ምቕናዕ፣ ወይ ንኽቐንዕ ምዝኽኻርን .. ወዘተ እዩ ክኸውን ዘለዎ ኢለ እየ ዝኣምን። ገጣማይ ንዝይብሃል ከም ዝብሃል፣ ንዝፈርሑ ትብዓት፣ ንግዙኣት ሓርነት፣ ንዝተወጽዑ ፍትሒ ከማዕድዉን ብተስፋ ክኽዱዋን ዘኽእል ወኒ ዘሰንቕ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። ግጥሚ ንጾራት ከፋኹሱ፣ ንሕልኽላኻት ህይወት ከቃልል እንተድኣ ዘይክኢሉ፣ መገዲ ንዝተዓጽዎምን ዝጠፍኦምን ኣንፈት ክሁብን መዋጽኦ ክእልሽን ክኽልእ ትጽቢት ይግበረሉ። ኪኖ'ዚ፣ ቀናዪ ተነባዩ'ውን ክኸውን ክኽእል ጽቡቕ እዩ። ኣብዚ መጽሓፍ ትንቢታት ዝመስሉ'ውን ኣለዉ'ሞ፣ ሃሰስ ንበሎም።

---

መለስ፣ ዝተደጋገሙን ኣሰልከይትን (ክሊሸ) ዝኾኑ ቃላትን ኣገላልጻታትን ተጸይኑ፣ ብሓደስቲ ኣገላልጻታት ዝሰብሐ ቅንጾታት ቀሪቡልና ምህላዉ፣ እቲ ካልእ ፍልዩነቱ'ዩ። ብቕዓቱ ድማ። ድንቅነቱ ከኣ። ፊደል “ጀ” ከም ፊደል ኣብ ስነግጥምታትና ኮነ ቅንጾታትና ብዙሕ ዝውቱር ኣይኮነን። ብዙሕ እውን ምቹእ ኣይመስለካን እዩ፣ ቀናዪ መለስ ግና እንሆ ከም ድላዩ ገይሩ ደጋጊሙ ኣጀብጂቡን ኣሕጀብጂቡን የዘውትሮ።

ቅንጾታት መለስ ንጉሰ፣ ውጽኢት ዓሚቕ ትዕዝብትን ምስትንታንን እዮም። ንኣብነት፣ “ዘመነ ኵዕሶ” እትብል ግጥሚ፣ ንእግርን ርእስን ብምውድዳር እያ እተስተንትን። እዚ እቲ ተራ ወይ ላዕለዋይ መልእኽታ እዩ። እንተኾነ፣ እግርን ርእስን ብምውድዳር፣ እቲ ብእግሪ ዝጽወት ዘሎ ኵዕሶ፣ ዋላ'ውን ብርእሲ ዝምራሕ ይኹን፣ የግዳስ፣ ንኹሉ ብርእሱ ክሓስብን ፍታሕ ከምጽእ ዝግባኦን ወገን፣ ቀፊዱ ኣብ እግርን ርእስን ውሑዳት ዝጸምድ፣

ኣጥኻኒ ግዜን ጉልበትን ሓሳባትን ዜጋታት ምዃኑ'ውን ዝእምት ይመስለኒ። ብኣውራኡ'ውን፣ ትጽቢትን ለበዋን ቀናዪ፣ ንሕና ኣንበብቱ ንስክፍታታቱ፣ ንኣድናቖቱ፣ ንለበዋታቱ፣ ንኣስተትንኖታቱን ዕምቀት ርድኢታቱን ምስኡን ማዕሪኡን ኮይንና ክንጉዓዝ'ዩ ዝዕድመና ዘሎ።

መጽሓፍ “እንታይ ይሓይሽ፧” ነቲ ብምሕር ድፍረታት መሃነኡ ጠፊኡዎ ዘሎ ናይ ቅንጾት ሞያ፣ ናብ ናይ ክብሪ ቦታኡ ንምምላስ ልዑል እጃም ከተበርክት ኣብ እዋና እትሕተምን እትዝርጋሕን ዘላን፣ “እንታይ ከም ዝሓይሽ” ከኣ እትሕብርን መጽሓፍ እያ፣ ክብል'ውን እደፍር።

ሽፋን ገጽ መጽሓፍ፣ ቅብኣ ስነጥበበኛ በርሀ ርእሶም እያ፣ ጽቡቕ ሕብርን ትርኢት ውክልና መንነትን'ዩ። ሰናይ ንባብ።



ዘመንፈስ ሃይለ

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳምያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መሬት ማይን ኣከባቢን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዳህሰሳ ሕትመት |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳምያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:25 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 19:10 | ቀስተ ደሕነት |
| 19:25 | ሃሎ ቀልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ሸፈነ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ
ስእሊ፦ ክብሮም ጸጋየ

ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዓቕሚ ሰብን መሳርሒታትን እናዓበየ ብምምጻኡ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ በጺሑ ይርከብ። ኣቃውማ ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ካብ ዓዲ ዝብጽሕ ኮይኑ፡ ክሳብ ኮማዊ ሆስፒታል ዝርግሐ ኣለዎ። ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ልዕሊ 60 ዝኾኑ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ከም ዘለዉ፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ናይቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣሴር ኣልኣዛር ይገልጽ። ኣቶ ኣሴር፡ ንዕማማት ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ኣመልኪቱ ክገልጽ እንከሎ፡ ዝበዝሐ ስርሖም ኣብ ህዝቢ ንቕሓት ምግባር፡ ተርእዮ ዓሶ፡ ቲቢን ካልኦት ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ከምኡ ድማ ጽሬት ኣከባቢ ምክትታል፡ …ምኻኑ የረድእ። ኣብ ዓድታት ኮይናም ድማ'ዮም እዚ ዝተጠቕሰ ኣገልግሎታት ዝህቡ። ዘድሊ መድሃኒት ከኣ ካብ'ተን ኣብ ከባቢኦም ዝርከባ ትካላት ጥዕና ከም ዝወስዱ የብርህ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንሽዱሽተ ወርሒ ዝሰልጠኑ ኣርባዕተ ኢጋር ሓካይም ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ተመዲቦም የገልግሉ ከም ዘለዉ፡ ኣቶ ኣሴር ይገልጽ። ኢጋር ሓካይም መድሃኒት ዝዓጠቑ ኮይኖም፡ ንትሕቲ 5 ዓመት ቈልዑን ነፍሰ ጾራትን ኣብ ምክትታል፡ ከምኡ ከኣ ኣብ ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ይነጥፉ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ብጠቕላላ 6 መደበራት ጥዕና ኣብ ንጡፍ ኣገልግሎት ይርከባ። እዘን መደበራት ጥዕና እዚኣተን፡ ዝያዳ ናብ ምክልኻል ሕማማት ዘኣንፈተ ኣገልግሎት እየን ዝህባ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ሓንቲ ማእከል ጥዕናን ሓንቲ ኮማዊ ሆስፒታልን ይርከባ። ዝርግሐ ዝህባኦ ኣገልግሎት ክርኢ እንከሎ ከኣ፡ ከምቲ ውድብ ጥዕና ዓለም ዝሃቦ ምኽሪ፡ ዋላ'ውን መንግስቲ ኤርትራ ከም ፖሊሲ ሒዙ ዝሰርሓሉ ዘሎ፡ ሓደ ሕብረተሰብ ወይ ሓደ ህዝቢ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ኪሎ ሜተር ኣገልግሎት ጥዕና ዝረኽበሉ መደበር ጥዕና ክህሉ ኣለዎ እዩ ዝብል። እዚ ሽቶ እዚ ድማ ኣብ'ዚ እዋን ተሃሪሙ ከም ዘሎ፡ ኣቶ ኣሴር የረድእ።

ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ዝርከብ ከባቢ፡ ህዝቢ ናብ መደበራት ጥዕና ክመላለስ ምስ ራሕቅን ካልእ ጸገማትን ዘይምቹእ ስለ ዝኾነ፡ ኣገልግሎት ጥዕና ዝያዳ ብኢጋር ሓካይም ከም ዝዕመም'ዩ ኣቶ ኣሴር ዘመልክት። ዝያዳ ኣብ ብቐዓት ኣወሃህባ ኣገልግሎት ጸቒጦም ክሰርሑ ምኻኖም ድማ ይጠቅስ።

ዝጠዛሓ ትካላት ጥዕና ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ኣብ ከባቢ ዶብ እየን ዝርከባ። ኣብ ዶብ ምህላወን ከኣ፡ ንምቁጽጻር ስግረ-ዶባዊ ሕማማት ሓጊዙ እዩ። ገለ ካብ'ተን ኣብ ከባቢ ዶብ ዝርከባ መደበራት ጥዕና፡ መደበር ጥዕና ሞኖኽሰይቶ፡ መደበር ጥዕና ሰርሓ፡ መደበር ጥዕና ላሒየ፡ መደበር ጥዕና ጎሎ እየን። ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ዘራኽብ ክፋል ኤርትራ (ኣብ ዶብ) ከም ዝርከብ መጠን፡ ንስግረ-ዶባዊ ሕማማት ልዑል ኣድህቦ ሂቦም ከም ዝከታተልዎ'ዩ ኣቶ ኣሴር ዝሕብር። ኣስጊኢ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ገለ ካብ'ቶም ብቐጻሊ ዝረኣዩ ሕማማት ግን ብጉድለት ጽሬት ዝስዕቡ ምኻኖም'ዩ ኣቶ ኣሴር ዝገልጽ። ብመሰረት ኣቶ ኣሴር፡ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኣብ ዝርኣየሉ ኣጋጣሚ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻን ምምሕዳር ንኡስ ዞባን ተሓባቢሩ'ዩ ኣድላዪ ስጉምቲ ዝወስድ።

ከም ክታበት፡ ምክትታል ነፍሰ ጾራት፡ ምዕቃን ጸቕጢ ደም ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት ጥዕና፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ወርሒ ብስሩዕ ይካየድ። "ሓንቲ ነፍሰጾር ኣደ፡ ኣብቲ ናይ ፈለማ 3 ወርሒ ጥንሳ ናብ ትካል ጥዕና ክትመጽእ ኣለዋ" ዝበለ ኣቶ ኣሴር፡ እዚ ጸገማታ ንኸተለሊ ሓጊዙ ምኻኑ የረድእ። በዚ መሰረት፡ ቁጽሪ ናይተን ናብ ትካል ጥዕና እናተመላለሳ ክንክንታተን ዝፈልጣ ነፍሰ ጾራት፡ ብ15 ሚእታዊት ዕብየት ከም ዘርኣየ ኣብሪሁ።

ብመሰረት ኣቶ ኣሴር፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ኣስታት 65 ሚእታዊት ካብ ነፍሰ ጾራት፡ ናብ ትካል ጥዕና እናመጻ እየን ዝሓርሳ ዘለዋ። ካብ'ተን 65 ሚእታዊት ድማ፡ እተን 10 ሚእታዊት ኣብ መጸበዪ ነፍሰ ጾራት ኮይነን ይሓርሳ ኣለዋ። 99 ሚእታዊት ካብ'ቶም ኣብ ትካላት ጥዕና ዝውለዱ ህጻናት ከኣ፡ ብህይወት እዮም ዝውለዱ። እቲ ውጽኢት ኣተባባዒ ኮይኑ፡ ዝያዳ ከም ዝዓቢ ንምግባሩ ብዝሓየለ መልክዑ ክሰርሑሉ ተዓጢቖም ኣለዉ።

ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ፡ ቁጽሪ ናይ'ተን ብመጥባሕቲ ዝገላገላ ነፍሰ ጾራት ብ22 ሚእታዊት ወሲኹ ኣሎ። ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ናይ መጥባሕቲ ክፍሊ ክህሉ እንከሎ፡ ዳርጋ ኣብ ኩለን ትካላት ጥዕና ድማ መጸበዪ ነፍሰ ጾራት ኣሎ።

መጠን ሸፈነ ክታበት ድማ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ 85 ሚእታዊት በጺሑ ይርከብ። ብፍላይ ግን ናይ 'ቪታሚን ኤ' ሸፈነ ክታበት ክዓቢ ስለ ዘለዎ፡ እቲ ሸፈነ 92 ሚእታዊት በጺሑ ይርከብ። ሰብ ሞያ ጥዕና ድማ፡ ካብ ሰንዓፈ ተበጊሶም ኣብ 13 ቦታታት ኣገልግሎት ክታበት ሂቦም ይምለሱ ኣለዉ።

እዞም ሰብ ሞያ ጥዕና፡ ናብ ኣብያተ ትምህርቲ ብምኻድ'ውን ንተማሃሮን መማህራንን ኣስተምህሮታት ይህቡን ሕክምናዊ መርመራታት የካይዱን። ሎሚ ዓመት፡ ካብ ዞባ፡ ሓደ ብዓል ሞያ ሕማማት ህጻናት ጠሊቦም ናብ 5 ኣብያተ



ትምህርቲ ብምኻድ፡ ናይ ልቢን ካልእ ጸገማትን ዝለዎም ህጻናት ኣለልዮም፡ ናብቲ ዝለዓለ ሕክምና ክረኽብሉ ዝኽእሉ ቦታ ልኢኾሞም ኣለዉ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ሕሙም ናብ ትካላት ጥዕና ከም ዝመጽእ ምግባር ዘይኮነስ፡ ሰብ ሞያ ጥዕና ናብቲ ዘለዎ ቦታ እናንቀሳቐሰ ክንክንታት ጥዕንኡ ምምርማርን ዘድልዮ መድሃኒታት ምሃብን ኣብ ዝብል ፖሊሲ መንግስቲ'ዮም ጸቒጦም ዝሰርሑ ዘለዉ።

ኣብ ትካላት ጥዕና ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ናይ ቲቢ፡ ዓባይ ሰዓልን ዓሶን መርመራታት'ውን ይካየድ እዩ። ኣብ'ተን ትካላት ጥዕና ሓደ ዓባይ ሰዓል ወይ ዓሶ ዝሓመመ ሰብ ምስ ዝርከብ፡ ናብቲ እቲ ሕሙም ዝነብረሉ ቦታ ወይ ዓዲ ብምኻድ፡ ንስድራቤቱን ጎረባብቱን መርመራ ይካየደሎም። ብተወሳኺ፡ ኣብ 9 ቦታታት ወለንታዊ መመርመሪ ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. ኣሎ።

ካልእ፡ ኩለን ነፍሰ ጾራት ቀድሚ ሕርሰን መርመራ ናይ ኤች.ኣይ.ቪ፡ ወይቦን ፍንጣጥን ይገብራ እየን። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሰራዊትን ተማሃሮን እውን ንምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ. ዝምልከት ጎስጓሳት ይካየድ እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ሎሚ መጠን መልከፍቲ ኤች.ኣይ.ቪ. ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ናብ ዜሮ ወሪዱ ይርከብ። ኣብቲ ንኡስ ዞባ ብዘተኻየደ መርመራታት መልከፍቲ ወይቦ ስለ እተረኽበ፡ ንምቁጽጻሩ ዝያዳ ስራሕ ከድሊ ምኻኑ ፍሉጥ ኮይኑ ኣሎ።

ኣቶ ኣሴር ኣብ ሓበሬታኡ ከም ዝበሎ፡ ትካላት ጥዕና ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ብቐረብ መሳርሒታት'ውን ኣብ ደሓን ደረጃ እየን ዝርከባ። ኣብዚ እዋን፡ ዓቐን ባክተርያን ቫይረስን ከለሊ ዝኽእል ምዕቡል መመርመሪ ቲቢ (ጅን ኤክስፐርት) ተኣታቲዩ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ምዕቡል ናይ ኣልትራሳውንድን ኤክስ ረይን መሳርሒታት ክህሉ እንከሎ፡ ማእከል 'ፊዝዮተራፒ' እውን ይትከል ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ መደበራት ጥዕና ናይቲ ንኡስ ዞባ ምንጪ ጸዓት ንኽረኽባ፡ ሶላር ተተኺሉለን ይርከባ።

ሕማም ዓሶ ካብቲ ንኡስ ዞባ ንምጥፋእ'ውን ልዑል ቃልሲ ይካየድ ኣሎ። መልከፍቲ ዓሶ ክርኢ እንከሎ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ተመዲቦም ዘለዉ ሰብ ሞያ ጥዕና ተወሃሂዶም ብልዑል ኣተኩሮ እዮም ዝሰርሑ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዶብ ንዝርኣ ሕማም ዕቡድ ከልቢ'ውን ዕቱብ ምክትታል እዩ ዝግበረሉ።

ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት፡ ገለ ካብቲ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዝርአ ዝዓበየ ጥዕናዊ ጸገማት እዩ። ብፍሉይ ንጸቕጢ ደም፡ ሽኮርያን ኣዝማን መርመራታት ዘካይድን መድሃኒታት ዝቕርብን ክሊኒክ ኣሎ። መጥባሕቲ ዓይኒ'ውን ብዝለዓለ ደረጃ ዝሰርሑሉ ዘለዉ ጉዳይ እዩ። ብፍላይ ድማ ንሓብላ ዓይኒ። ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ፈተሻ ናይ ሓብላ ዓይኒ ይካየድ እዩ። እቶም ሓብላ ዓይኒ ዘጋንፎም ሰባት፡ ኣብ ሆስፒታል መጥባሕቲ ዝግበረሉ መንገዲ ከም ዝጣጣሓሎም፡ ኣቶ ኣሴር ይሕብር።

ኣቶ ኣሴር፡ ኣብ ጽሬት ኣከባቢ ኣመልኪቱ ክገልጽ እንከሎ ድማ፡ ተጠቃምነት ዓይኒ ምድሪ ኣብ ኩለን ዓድታት ናይቲ ንኡስ ዞባ ተኣዊጁ ከም ዘሎ፣ እንተኾነ፡ ሕጂ'ውን ተጠቃምነት ዓይኒ ምድሪ ንምዕባይን ቀጻልነቱ ንምውሓስን ጎስጓሳት ከም ዘድሊ የረድእ።

ብመሰረት እቲ ንሱ ዝሃቦ መብርሂ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ፡ ዛጊት ልዕሊ 20 ሽሕ ዜጋታት ናብ ትካላት ጥዕና ብምምጻእ ኣገልግሎት ጥዕና ረኺቦም ኣለዉ። ኣስታት 1,500 ዝኾኑ ከኣ ደቂሶም ተሓኪሞም። ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ከም ፖሊሲ ተታሒዙ ዝሰርሓሉ ዘሎ፡ ቀዳማይ - ኩሉ ሰብ ብንቕሓት ንሕማማት ክከታተል ወይ ክከላኸል፣ ካልኣይ - ዝኾነ ሰብ ሓሚሙ ናብ ሕክምና ምስ ዝመጽእ፡



ኣቶ ኣሴር ኣልኣዛር

ከይደቀሰ ተሓኪሙ ንገዛኡ ክምለስ፣ ሳልሳይ ከኣ ዋላ'ኳ ዘይድለ እንተኾነ፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ደቂሱ ምሕካም እዩ። ሎሚ ብዓለም ደረጃ እንተ ርኢናዮ፡ ትካላት ጥዕና ኣብ ውሽጠን ዘሎ ረኽስታት ብዙሕ እዩ። ተገልጋሊ ክሕከሙ ምስ መጽኡ፡ ንዘይተደልየ ረኽስታት ዝተቓልዑ እዮም። ስለዚ፡ ደቂሶካ ምሕካም ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ደኣ'ምበር፡ ቀዳማይ ኣማራጺ ኣይኮነን - ብመሰረት ኣቶ ኣሴር።

እቲ ብህላዊ ኣጉዕብ ዝካየድ ዝነበረ ምኽንኻብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ኩለን ትካላት ጥዕና ብሰብ ሞያ ይካየድ ስለ ዘሎ፡ በዚ ምኽንያት እቲ ጎዳኢ ባህሊ እናተረፈ ይኸይድ ኣሎ ማለት'ዩ። ኣብ'ዚ ዓመትዚ፡ ንሚኒስትሪ ጥዕና ጨንፈር ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ልዕሊ 2 ሚልዮን ናቕፋ፡ ንመድሃኒትን ካልእ ናይ ጥዕና መሳርሒታትን ተሰሊዑ ምህላዉ'ውን ኣቶ ኣሴር ይሕብር።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ንኹሉ ዓውድታት ሕክምና ዘጠቓልሉ 97 ሰብ ሞያ ጥዕና ኣለዉ። ኣብ ቀረብ መድሃኒት ግን፡ እቲ ንኡስ ዞባ ምስ ዘለዎ ራሕቒ ብፍሉይ ጠሙት ዝግበረሉ'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ዘሎ ናይ መድሃኒት ቀረብ ግን እኹል ወይ ኣዕጋቢ ክበሃል ኣይከኣልን። ኣይ.ሲ.ዩ ዘድልየም ተገልገልቲ'ውን ናብ ኣስመራ እዮም ዝለኣኹ ዘለዉ።

ትራኮማ፡ ብጉድለት ጽሬት፡ ማለት ብባክተርያ ዝስዕብ ረኽሲ እዩ። ዓይኒ ትራኮማ ምስ ዝሓምምን ከቢሮ ዓይኒ በሰላ ምስ ዝገብርን፡ ቅርኒብ ዓይኒ ከም ዝጥወ'ዩ ዝገብሮ። ሰብ ሞያ ከኣ ብሰለስተ ሜላታት ኣቢሎም ንትራኮማ ይፍውስዎ። ቀዳማይ፡ ብጽሬት ምክልኻል ይከኣል እዩ። እዚ እንተ ዘይኮይኑ ከኣ፡ ብመድሃኒት ክፍወስ ይኽእል። እቲ ብመድሃኒት ክፍወስ ዘይክእል ከኣ ብመጥባሕቲ ከም ዝፍወስ ይግበር። ኣብቲ ንኡስ ዞባ፡ ናብ ነፍሲ ወከፍ ቤት ሓካይም እናተላእኩ መርመራታት ናይ ትራኮማ ከም ዝካየድ ተገይሩ እዩ። ኑቶም ቅርኒብ ዓይኒ ተጠውዩዎም ዝተረኽቡ ከኣ፡ መጥባሕቲ ተኻይዱሎም። ንቕሓትን ኣፍልጦን ሕብረተሰብ ክብ ንምባል እውን፡ ንትራኮማ ዝምልከት ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ኣስተምህሮታት ተኻይዱ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ሕማም ትራኮማ ናብ ዜሮ ወሪዱ ይርከብ። ብሰንኪ ትራኮማ ጸገም ቅርኒብ ዓይኒ ዝጸንሖም 400 ዜጋታት መጥባሕቲ ተኻዩዱሎም። ሕጂ ግን ተርእዮ ትራኮማ ዝበሃል የለን።



# ርእይቶ

## ባሕሪ ኤርትራ፡ ምንጪ ማእከል ስሕበት

### • ክሳድ ጥርሙዝ (Bottle Neck)

ምስግና ተኽላይ (ዋርሳይ)
ሓይሊ ባሕሪ ጉጅለ ባህሊ ኣውካን




መትረብ ባብ-ኤል መንደብ

'ክሳድ ጥርሙዝ' ናብቲ ጥርሙዝ ፈሳሲ ወይ ትሕዝቶ ዝኣትወሉን ዝወጽኣሉን ክፋል ጥርሙዝ'ዩ። ኣብዚ ኣካል ናይ ጥርሙዝዚ፡ ዝኾነ ጸገም ምስ ዘጋጥም፡ ኩሉ ትሕዝቶ ናይቲ ጥርሙዝ ንጸገም'ዩ ዝቃላዕ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ክሳድ ጥርሙዝ ማሕነቕ ናይ ኩሉ ነገር'ዩ። ክሳድ ጥርሙዝ ዝብል ቃል፡ ብዝዕባ ኣገዳስነት መጻብቦ ወይ መትረብ ንምግላጽ ሓጊዚ ስለ ዝኾነ'የ ክጥቀመሉ መሪጸ።

ሓንቲ ሃገር ባሕሪ ክህልዋ ይኽእል'ዩ። ባሕሪ ምውናን ጥራይ ዝህሉዎ ኣገዳስነት ግን ውሒዱ ዘይክኑብር ይኽእል'ዩ። ዝበዝሓ ሃገራት ዓለምና ይዕበ ይንኣስ ገምገም ባሕሪ ዘውንና'የን። ኮይኑ ግን፡ ኩለን ወሰንቲ ኣፍደገ ባሕሪ ማዕረ ኣገዳስነት ኣለወን ክብሃል ኣይክኣልን። ንመትረብ ሰወዝ፡ ባቡኤል መንደብ፡ ጀብል ጣርቅ፡ ማላካ፡ ፓናማ፡ ሆርሙዝ ወዘተ. ኣዳዊበን ዝርከብ ከም ብዓል ግብጺ፡ ጅቡቲ፡ ኤርትራ፡ የመን፡ ሰዑዲ፡ ኢራንን ካልኦት ሃገራትን ክኾና ከለዋ፡ ካብዞን ከምዚ ዝበለ መጻብቦታት ዘይውንና ድማ ከም ኬንያ፡ ታንዛንያ፡ ሞዛምቢክ፡ ጃፓን፡ ቻይና፡ ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል። እዚ ካብ በልና እምበኣር፡ ነቲ ሰፊሕ ዝኾነ ኣርእስቲ መታን ከይገፋሓና፡ ናብ ኤርትራ ክጸብብ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኤርትራ ኣቓልቦ ዓለም ስሒባ ትርከብ። እዚ ከኣ፡ ሰፊሕ ንሕርሻ ዝበቅዕ መሬት ስለትውንን ኣይኮነን፣ ካብ ካልኦት ዝበልጽ ዘይተኣደነ ባህርያዊ ጸጋታት ስለዘለዋ'ውን ኣይኮነን። ብኣፈኻእ፡ እዚ ዝተጠቐሰ ዝተረፈ ካልእ መዳያትን ንተሃራፍነት ኤርትራ ጽልዋ ክህልዎ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ቀንዲ ኣተኩሮ ክትስሕብ ዝደፍእ ዘሎ ጉዳይሲ፡ ንሱ ዘይተሳእ ብሕጽር ዝበለ፡ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣኣ'ዩ ኢልካ ክግለጽ ይከኣል። ኤርትራ ተደኩናትሉ ዘላ ክፋል ዓለም፡ ብብዙሓት ተንተንቲ ስትራተጂያዊ ምኻኑ ክግለጽ ዝጸንሐ ሓቂ'ዩ። ብወተሃደራዊ፡ ቀጠባዊ፡ ጂኦግራፊያዊ፡ ጂኦፖለቲካዊ፡ ኮታ ብኹሉ መዳይ ምስ ዝጥመት፡ ኤርትራ ኣቀማምጣኣ ሓንቲ ካብተን ልዑል ኣገዳስነት ዘለወን ሃገራት ይግበራ። ኤርትራ ልዕሊ 1200 ኪ.ሜ ዝነውሓቱ ባሕሪ ትውንን ሃገር'ያ።

እዛ ብየዝዜ መግዛእቲ ጥልያን ከም ሃገር ዝቖመት ኤርትራ፡ ወኒናቶ ዘላ ባሕሪ ኣብ ዓይኒ ዝተፈላለዩ ወረርቲ ከም ትወድቕ ገይሩዋ'ዩ። እዚ ባሕሪ እንተዘይህልዋ ነይሩ፡ ቀሊሕ ኢሉ ዝጥምታ'ውን ኣይምተረኽበን ክብሃል ይከኣል።

መጻብቦ ባብ ኤል መንደብ ኣብ ኣፍንጫ ወደብ ዓሰብ'ዩ ዝርከብ። 12 ሚእታዊት ንግዳዊ ምንቅስቓስ ዓለምና ዝሓልፍሉ ኣቓጣ ምዃኑ'ውን ይንገረሉ። ኣብዚ ከባቢ ክፍጠር ዝኽእል ንእሽቶ ጸገም፡ ንንግዳውን ቁጠባውን ምንቅስቓስ ዓለምና፡ ክሳብ ክንደይ ክዘርግ ከም ዝኽእል ንምግማቱ ኣየጸግምን። ንኣብነት፡ እዚ መትረብ'ዚ፡ ነተን ብወገን ማእከላይ ባሕርን ኣመሪካን ዝርከባ ሃገራት፡ ኣብ ንሓድሕደን ዝገብራኦ ቁጠባዊ ኮነ ንግዳዊ ወይ ካልእ መዳያዊ ርክባት ንምፍጻም ዘተኣሳስረን'ዩ። ከምዚ ስለዝኾነ ድማ'ዩ ምስ 'ክሳድ ጥርሙዝ' ከመሳሰሎ ዝኸኣልኩ። ኤርትራ እምበኣር፡ ኣካል ናይዚ ሓፍቒ ቦታ ኮይና ኢና እንርከብ። ኣብ 1995 ኣብ መንጎ ኤርትራን የመንን ግጭት ምስ ተወልዐ፡ ወይ'ውን ኣብ ጥቅምቲ 2023 ኣብ መንጎ እስራኤልን ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስን ኩናት ኣብ ዝተወልዐሉ ግዜ፡ ጉጅለ ሑቲ መራኽብ ክዝርም ምስ ጀመረ፡ ዓለም ከመይ ተጻዪያ ከሉ ዝፈልጦ ሓቂ'ዩ። ኤርትራ ብዘለዋ ርጉእን ሓያልን ዓቃልን መሪሕነት፡ ክሳብ ሕጂ ኣብዚ ክሊ ባሕሪ ይኹን ኣብዚ መትረብ'ዚ ዝጥቀስ ከቢድ ጸገም ኣየጋጠመን ዘሎ። ዓለም'ውን ነዚ ኤርትራ ትጻወቶ ዘላ ተራ ትስሕቶ ኣይኮነትን። ብፍላይ ምስቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ዘሎ ዞባዊ ኩነታት፡ ዓለም ንኤርትራ ብዘገዳስነት ክትርእያ ግድን እዩ።

ዋንነት ባሕሪ ዋላ'ኳ ብህላወ ወሰንቲ መትረብት ኣገዳስነቱ ዝዓዘዘ እንተኾነ፡ ካልኦት ረቛሒታት'ውን ንኣገዳስነት ዋንነት ባሕሪ ዝጸልዉ ኣለዉ። ኣብ ገምገም ዝህሉ ማርሳታት ኣገዳስነት ባሕሪ ብመዳይ ባህርያዊ ጸጋታት፡ ብናይ ገምገሙ ንጥፈታት ብዙሪዝማዊ መዳይ ብወተሃደራዊ ዓይኒ ከምኡ ድማ፡ ብንግዳዊ ምንቅስቓሳት ወዘተ. ተኣሳሲሩ ዝግለጽ'ዩ ፡ ባሕሪ ሓያል እዩ፡ ብባሕሪ ዝግበር ጉዕዞ ብሉጽ'ኳ እንተኾነ ኣብ ባሕሪ ዘጋጥም ባህርያዊን ሰብ ሰርሖን ዝጠንቀ ሓደጋታት ግን ኣገዳሲ ኣፅናውን ኣሰንባዲን'ዩ። መርከብ መራሕካ ኣብ ባሕሪ ክትጎዓዝ ዘድሊ ጥንቃቐ እንተ ዘይገይርካ፡ ንእሽቶ ጌጋ ዓርሞሸሻዊ ክሳራ ከተኸትል ትኽእል'ያ። እዚ ስለዝኾነ ኣብ ባሕሪ ዝፍጠር ማዕበል መኸወልን መዕረፍን ዝኾውን ስቱር ኣካል ክትረኽብ የድሊ። ብዓበኡ ድማ ኣብ ገምገም ባሕሪ ንጥፈታት ምግፋፍን ምምስራሕን ዓሳ ክትገብር ወይ ካልኦት ምስ ባህርያዊ ጸጋታት ባሕሪ ኮነ ምስ ቀንዲ መሬት ምትእስሳር ዘለዎም ትካላት ክትሃንጽ እንተኾይንካ፡ ማርሳ ክህልወካ ናይ ግድን ይኾውን። እንተዘየለ ጉዳይ ማዕበልን ንፋሳትን ፅንወትን ኮይንካ ኢኻ ትተርፍ።

ኤርትራ ብዙሓት ማርሳታት እትውንን'ኳ እንተ ኾነት፡ እቶም ማርሳታት ግን ንመሬት ይኹን ንወሽጢ ባሕሪ ክንድቲ ኣይኮኑን። ማርሳ በሬጡ፡ ማርሳ ኢብራሂም፡ ማርሳ ጉልቡብ፡ ማርሳ ተኽላይ፡ ማርሳ ቀውጥ፡ ብሰሜናዊ ወገን ወደብ ባጽዕ ዝርከቡ ክኾኑ እንከለዉ፡ ማርሳ ፋጥማ፡ ማርሳ ሃዋከል፡ ማርሳ ማጅላን፡ ካልኦትን ድማ ብደቡባዊ ወገን ወደብ ባጽዕ ዝርከቡ ማርሳታት እዮም። ብዙሓት ሓያላን ሃገራት ኣብ ሃገረ ጅቡቲ ዓስከሮም ወይ ሰራዊቶም ኣለዉ። ሓደ ምኽንያት፡ ኣቀማምጣኣ ክኾውን ከም ዝኽእል ርዱእ ነገር'ዩ። ምኽንያቱ ጅቡቲ ኣካል ቀርኒ ኣፍሪቃ'ያ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ቁልፊ ቦታ መእተዊ ባብ ኤል መንደብ ተኾይጣ ስለእትርከብ'ውን እያ። እዚ ጥራይ ግን ኣይኮነን ንጅቡቲ ብልዕሊ 8 ሓያላን ሃገራት ተጠማቲት ክትከውን ዝገበራ። ካልእ ብኣገዳስነቱ ካብዚ ዘይንእስ ምኽንያት'ውን ኣሎ፣ ህላወ ዓሚቕ ዝኾነ ማርሳ'ዩ።

ሃገረ ጅቡቲ ብዓቢያ ኣብ ወሽጢ ዓሚቕ ዝኾነ ሽጉሽግ ባሕሪ'ያ ተደኩና ትርከብ። ካብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ዝበገሱ ብርቱዓት ንፋሳትን ማዕበላትን ኣብዚ ጅቡቲ ዘላቶ ቦታ በቲ ሐዞሞ ዝመጹ ናህሪ ዝቕጽሉ ኣይኮኑን። ብኻልእ ኣዘራርባ ማያት ጅቡቲ ብዝተዘምገዱ ምስ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ማያት ህድእ ዝበለ ክኾውን ባህርያዊ'ዩ። ናብ ወሽጢ መሬት በሰው ኣትዩ ስለ ዘሎ፡ ባሕረኛን መርከበን'ኳ እንታይ ይደልዩ ንዝብል፡ እዚ ህዱእን ውሑስን መዕረፊ ዝኾነ ከውሊ ካብ ማዕበል ዘለዎ ቦታ'ዩ። እንተ ዘየለ እቲ ብኽበር ዋጋ ዝሰራሕ መርከበን መሳርሒታትን፡ ብውሑስ መንገዲ ከተዕርፈሉ እትኽእል ቦታ ምስ ዘይትረክብ ኩሉ ብላሸዩ ዝኸውን። ስለ ዝኾነ'የን ድማ ሓያላን ሃገራት ጂኦፖለቲካዊ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዓለም ንምቁጽጻር፡ ንጸመን ወይ ንሰማል ዘይትሳ ንጅቡቲ ብውሑድ ክሳራ ዝመርጽኣ።

ባሕሪ ኤርትራ ካብ ኩሉ ዓለም ፍሉይ ዝገብሮ ምንጪ ማእከል ስሕበት ምዃኑ'ዩ። ኤርትራ ይውሓድ ይብዛሕ ማርሳታት ከም ዘለዋ ኣቐዲመ ተጠቒሰ ኣለኹ። ኣብዚ ኤርትራ ትውንኖ ልዕሊ 1200 ገምገም ባሕሪ ክሱብ'ዚ እዋን'ዚ ክልተ ዓለምለኻዊ ወደባት ጥራይ'የን ዘለዋ። ግዝኣት ኤርትራ ንግዚያዊ ዘገልግሎም መሳለጥያታት ደኣ'ምበር እዛ ሃገር ዝለዋ ጸጋታት ባሕሪ ብዝኣኽሎ ክትጥቀም ዝገብሩዋ ኣይድማ ሰራሕ ኣይሃብረን - ግዝኣት ስለዝኾኑ። እዘን ክልተ ወደባት ኤርትራ፡ እታ ሓንቲ ኣብ ሽጉሽግ ሕርጊጎ ዝፍለጥ ከባቢ፣ እታ ካልኣይቲ ድማ ኣብ ሽጉሽግ ዓሰብ ዝተደኩና መዓርፎ መራኽብ'የን። ኤርትራ ግን ዘይተም ብዓል ጅቡቲ ምስቲ ዘለዋ ሽሉሕ ቅርጺ መሬት ብኽልተ ወደባት ጥራይ ክትጥቀም ኣይድማዕት የብሉን። ኣብ ቀንዲ መሬት ዘሎ ማዕድናዊ ጸጋታት መዘምዚዞ ናብ ጥቕሚ ምውዓሉን ጸጋታት ሃብቲ ዓሳ ገፊፍካ ኣብ ተጠቃምነት ህዝቢ ንኽውዕልን መማስርሒ ዓሳ ትካላት ኣብ ዝተፈላለዩ ገምገም ደኩንካ ንወሽጢ ዓዲን ደገን ንምውዓልን ኣዝዩ ከቢድ ሰራሕ'ዩ ዝጸበየና ዘሎ።

ኣብ ደብባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ ማዕድን ፖታሽ ከም ኣብነት እንተወሰድና ኣብ ክንዲ ነዊሕ ጉዕዞ (ኣስታት 230 ኪሎ ሜትር) ሓሊፉ ብወደብ ባጽዕ ዝልኣኽ፡ ኣብ ማርሳ ፋጥማ ወደብ ሃኒጽካ ብዙሓጺረ መንገዲ (87 ኪሎ ሜትር) ክትሰዶ እንክለኻ ዘለዎ ኣድማዕነት ንምግምጋም ሓደሽ ዜና ኣይኮነን። ዝ. ዝተጠቐሰ ዕላማታት ንምዕዋት እምበኣር፡ ኤርትራ ኣብ ማርሳ ፋጡማ፡ ኣብ ማርሳታት ጠዖ፡ ዕዴ፡ ገልዓሎ ዕብዩ ዝበለ ከምኡ ወይ ካብኡ ንእስ ዝበለ ድማ ኣብ ማርሳ ኢብራሂም፡ ማርሳ ተኽላይ፡ ሓስመት ግልቡብ፡ ቃውጥ፡ መጸግዒ መራኽብ ምስ መሳለጥያታቱ ክትሃንጽ ክቢድ ዝበለ ዕማም ይጸበያ ከምዝሎ ዝስሕቶ የለን። ቅድሚ'ዚ ኩሉ ዝተጠቐሰ ዕማም ግን ምውሓስ ጽሩይ ማይ ኣብዘን ማርሳታት ክረጋገጽ ዘለዎ'ዩ። ክልተ ኣማራጺ'ዩ ዘሎ ኣብ ከባቢ'ዘን ማርሳታት ግድባት ብምስራሕ ወይ ድማ ብጸዓት ዝሰርሕ መሳርሒ ተጠቒምካ ማይ ባሕሪ ምጽራይ'ዩ - ብዚይ እኹል ማይ ዝግበር ነገር ስለዘየሉ። ከምዚ እናበለ ድማ ህንጻት ናብ ደሴታት ከስፋሕፍሕ ይኽእል። እቲ ህሉው ዘይርጉእ ኩነታት ከባቢናን ዞባናን ዓለምናን ናብ ንቡር ምስ ተመልሰ፡ ኤርትራ ዝ. ኩሉ ህንጻት ገምገም ባሕሪ ብዓወት ከም እተሰላስሎ ዘጠራጥር ነገር ኣይኮነን። ዝበዝሐ መሰናኽላት ተሰጊሩ ናብ ዝሓሸ ኩነታት ኣብ እንሰጋገረሉ ሃዋህው ስለዘለና ከኣ ተጠቀምቲ ጸጋታት ባሕርና ንምዃን ዝተርፈና ግዜ ነዊሕ ኣይኮነን። ባሕሪ ኤርትራ ካብ ኩሉ ዓለም ፍሉይ ዝገብሮ ምንጪ ማእከል ስሕበት ብምዃኑ'ዩ።



መትረብ ፓናማ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ኣሚር ዓሊ

## ሃገራዊ ጉያ ጎበ ተኻይዱ

ሃገራዊ ውድድር ጉያ ጎቦ ሰንበት 4 ጥቅምቲ ኣብ ከበቢ ጉልዒ ብኽልተኡ ጾታ ተኻይዱ።

እዚ ዓመታዊ ዝስላሰልን ንመበል 13 ግዜኡ ዝተኻየደን ውድድር፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣትለታት ሸሞንተ ከሎሜተር፡ ደቂ ተባዕትዮ 10 ከሎሜተር ሸፈኖም።

13 ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተሳተፋኦ ውድድር፡ ኣትለት ክሉብ ደንደን ሚኒስትሪ ምክልኻል ሰምረት መርሃዊ፡ ንሸሞንተ ከሎሜተር ብ40 ደቒቕን 46 ካልኢትን ብምዝዛም፡ ሻምፕዮን ኤርትራ 2026 ኮይና። ቅሳነት ተወልደብርሃን ካብ ዞባ ማእከል፡ ናጽነት ኣማኑኤል ካብ ዞባ ደቡብ ካልኣይትን ሳልሰይትን ብምእታው፡ ብቐደም ተኸተል ተሸለማ፡ 13 ሽሕ፡ ሸሞንተን ሓሙሽተን ሽሕ ናቕፋ ኮይነን። ፊያሪ ጉበረሂወትን ኣርያም ሓድሽን ካብ ማእከል፡ ቅሳነት ተስፋልደት ካብ ደቡብ ድማ፡ ካብ ራብዓይ ክሳብ ሻዱሻይ ዝሎ ኮታ ሓዚአን። ንስለስተ ካብ ኣትለታታ ምስ ብሉጻት ሽዱሽተ ዘሕለፋ ዞባ ማእከል፡ ብጉጅለ ደረጃ 'ጉብለል ሃገራዊ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ' ኮይና።



49 ዝበዝሖም ደቂ ተባዕትዮ ኣትለታት ኣብ ዘሰላሰልዎ ጸወታ፡ ኣትለት ዞባ ደቡብ ተኽለሃይማኖት ብርሃኑ ነቲ ውድድር ብ41 ደቒቕን 10 ካልኢትን ብምዝዛም፡ ዘውዲ ሻምፕዮን ደፊኡን ተሸላሚ 13 ሽሕ ናቕፋ ኮይኑን። ኣትለት ዞባ ደቡብ ሞገስ ሹማይ ካልኣይ ብምእታው ሸሞንተ ሽሕ ናቕፋ ክሽለም እንከሎ፡ ኣትለት ዞባ ማእከል የሰፍ ኣደም፡ ሳልሳይ ተርታ ብምሓዝ ተሸላሚ ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ ኮይኑ። ኣትለታት ዞባ ደቡብ - ኣስመሮም ሹማይ፡ ጽጋብ ታደሰን ምሕረትኣብ ኣማኑኤልን ድማ፡ ክሳብ ሻዱሻይ ተርታ ሒዞም። ኣርባዕተ ካብ ኣትለታታ ምስ ብሉጻት ሽዱሽተ ዘሕለፈት ዞባ ደቡብ፡ ብደረጃ ጋንታ ጉብለል ደቂ ተባዕትዮ ብምዃን ተዓዊታ።



## ካልኣይ ዙርያ ውሽጣዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ይቕጽል

ካልኣይ ዙርያ ወሽጣዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ቀዳምን ሰንበትን ብጸወታታት ኩዕሶ እግርን መርበብን ኣብ ሜዳ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ዝርከብ ፈንቅል ኣየር በይዝ ባጽዕ ቀጺሉ።

ቀዳም ኣብ ዝተኻየደ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ጹሓይ በርቂ ንዊና 2-ብ0 ክትስዕራ እንከላ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ጹሓይ በርቂ ንዊና 3-ብ0 ኣፋንያታ። ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ጹሓይ በርቂ ንመሰረት 2-ብ1፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ርኬት ንመሰረት 2-ብ0፡ ጹሓይ በርቂ ንዊና 2-ብ1 ሰዒረንአን።

ሰንበት ኣብ ዝከበረ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓለበት ብጠፊሕ 7-ብ0 ንጸግዖት ሰዒራታ። ኣምና ኢብራሂም፡ ሽድሽተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ጹበለል ክትብል እንከላ፡ ጀዋሂር እድሪስ ንዝተረፈት ሓንቲ ሸቶ ኣቚጺራታ።

ጸወታ ሕድሪን ፈንቅልን'ውን፡ ብጠፊሕ ዓወት ሕድሪ 4-ብ0 ተዛዚሙ። ሳምሓ ሳልሕ፡ ንኣርባዕተአን ሸቶታት ኣቚጺራተን።

ወሽጣዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር፡ ጽባሕ ሰሉስን ረቡዕን ክቕጽል ምዃኑ ተሓቢሩ።

## ማእከል - መዳለዊ ውድድር ንዘዋሪት ዋንጫ ተሰላሲሉ

ንመዳለዊ ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ኣቐዲሙ ዝስላሰል መዳለዊ ቅድድም ብሽክሌታ፡ ሰንበት 4 ጥቅምቲ ኣብ ከበቢ ኢኽሽራዝስ ቀዳማይ መድረኽ ኣካይዱ።

60 ከሎሜተር ካብ ዝተሰርዓሎም ኮተቴ (ዩዝ) ተቐዳደምቲ፡ ናሆር ኣኽሊሉ ካብ ኣሰር፡ ብጠምጋም 43.8 ከሎሜተር እናረገጸ ብ1 ሰዓት፡ 20 ደቒቕን 2 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ።

ሙሴ ኣብርሃም ካብ ትጸቢት፡ ሰዶን ከስተ - ኣድማስ፡ እሰይ ተስፋዝጊን ኣብራሃ ዓብደልረዛቕን ካብ ደንደን፤ ዮናብ ሚካኤል ካብ ኤይቢኤን ድማ፡ ካብ ካልኣይ ክሳብ ሻዱሻይ ዝሎ ደረጃ ሒዞም።

ማእከሎት (ጁንየር) ተቐዳደምቲ፡ 98.1 ከሎሜተር ተሰሪዑሎም። ኣባል ኣስበኮ ሰም ኣፈወርቂ ድማ፡ ብቅጽበታዊ ውድድር ንተቐዳደምቲ ኤሪትል ኣረም ፍጹም ሰዒሩ፡ ብ2 ሰዓት፡ 11 ደቒቕን 18 ካልኢትን ተዓዊቱ።

ኣብቲ ተቐዳደምቲ ብጠምጋም 44.8 ከሎሜተር ኣብ ሰዓት ዝረገጹሉ ውድድር፡ ኪ. ሳሚኤል ካብ ትጸቢት፡ እያቤድ ኤፍሬም - ደንደን፡ የብል ተስፉ - ብውልቁ፡ ሚሮን ኢሳቕ - ገዛ ባንዳ፡ ሰናይ ተኽስተ ብውልቂ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።

ምስኣም ዲቪዥን ብሓደ ውድድረን ዘሰላሰላ ተቐዳደምቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ናይ 88.2 ከሎሜተር ውድድር ተሰሪዑለን። ኣብ ሰዓት 37 ከሎሜተር እናረገጸ ብ2 ሰዓት፡ 24 ደቒቕን 14 ካልኢትን ንዝዘዘመአ ውድድር ድማ፡ ተቐዳደምቲት ዓረግ - ብርኽቲ ፍስሃዬ ንመወዳደርታ ብኹሉ በሊጻ ተዓዊታ።

ሮምና ገሪሸ - ደንደን፡ ሰዶን ሃብቶም - ሰራዶር ሳዋ፡ ሄርሜላ ሳይሞን - ደቡብ፡ ሰልባና ወልደሚካኤል - ትጸቢት፡ ራሄል ዑቕባይ - ዓረግ ተኸቲለናኣ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትየን።

ዓበይቲን ትሕቲ 23 ዓመትን ደቂ ተባዕትዮ ተቐዳደምቲ፡ 140.6 ከሎሜተር ተሰሪዑሎም። ብዘተፈላለየ መጥቃዕትታት ተደጋጋሚ ጉጅለታት ክምስረታን ክብተናን ድሕሪ ምውዓል ድማ፡ ተቐዳዳማይ ሰምበል - ሚሮን ምስዮና፡ ብኣእማኢ ብቕዓት ዕወት ቀዳማይ መድረኽ ኮይኑ።



ዕውትቲ ቀዳመይቲ መድረኽ - ብርኽቲ ፍስሃየ

ኬሽን ተኽለማርያም - ኣስበኮ፡ ሄርሞን ኢሳቕ - ኤሪትል፡ ኤፍሬም ዘርኢጋብርን ንፍታሌም ኤፍሬምን -ደንደን፡ የሴፍ ምስዮና - ውልቂ ከኣ፡ ኣብቲ ብጠምጋም ኣብ ሰዓት 44.4 ከሎሜተር እናረገጹ ብ3 ሰዓት 8 ደቒቕን 58 ካልኢትን ዝዘዘምዎ ውድድር፡ ካብ ካልኣይ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።

እዚ ውድድር፡ ሰንበት 10 ጥቅምቲ ካልኣይን መዛዘሚን መድረኽ ክሰላሰል እዩ።

## ረምኮ፡ ሻምፕዮን ኤውሮጳ 2026 ኮይኑ

በልጅዮማዊ ተቐዳዳማይ ብሽክሌታ - ረምኮ ኢቨነፖል፡ 'ሻምፕዮን ኤውሮጳ ናይ ጽርግያ ውድድር 2026' ኮይኑ።

እዚ ኣባል ክሉብ ረድ ቡል፡ ብመሳጢ ቅጽበታዊ ውድድር እዩ ንኢጣልያዊ ጁሊዮ ቺኮሳ በሊጹ ሻምፕዮን ኮይኑ።

ረምኮ፡ ኣብ ምጥዋይ ኣንጎሎ በሊጽምን ፍልልይ ኣንጺፉሉን ንዝበረ ቺኮሳ ንምስዓር ዘርኣዮ ሓያል ሸኻ፡ ብሉጽ ነይሩ። ዓወቱ ድማ፡ ብዓይንካ ርኢኻ ክፍለጥ ብዘይምኽኣሉ፡ ኣካየድቲ፡ ቪድዮ ዳንኬት (ፎቶ ፊኒሽ) ክጥቀሙ እዮም ተቐሲቦም። ኢጣልያዊ ክሪስቲያን ስካሮኒ፡ 59 ካልኢት ድሒሩ ተሸላሚ ኑሓሰ መዳልያ ኮይኑ።

ዓሚ ብታደይ ፖጋቻ፡ ኣብ 2021 ከኣ፡ ኣብ 2024 ኣብ ኦሎምፒክ - ዕወት ናይ ጽርግያን ናይ ግዜ ውድድር (ክሮኖሜተር)ን፡ ኣብ ሻምፕዮን ዓለም ኣብ 2022 ሻምፕዮን ናይ ጽርግያ ውድድር ካብ 2023 ክሳብ 2026 ድማ፡ ብተኸታታሊ ሻምፕዮን ናይ ግዜ ውድድር፡ ከምኡ'ውን ኣብ 2019 ከምኡ'ውን 2025 ዕወት ናይ ግዜ ውድድር ሻምፕዮን ኤውሮጳ ኮይኑ እዩ።

ብዘይካዚ፡ ንክለቡ ረድ ቡል፡ ኣብ ናይ ዓበይቲ (ኢሊት) ተቐዳደምቲ ናይ ፈለማ ወርቂ ኣብ ሻምፕዮን ኤውሮጳ ኢዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ቺኮ፡ ትማሊ ሰሉይ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ነታ ምስ ረምኮ ዝፈላለዮ ሰከንድ 'ሚእቲ ግዜ' ከም ዝረኣያ ብምግላጽ፡ ብውሳኔ ዕጉብ ከም ዝኾነ ገሊጹ። ብኢጣልያዊ ሶኒ ኮልብረሊ ተበሊጹ ካልኣይ ዝኣተወ ረምኮ፡ ናይ ፈለማ ወርቂ መዳልያ ሻምፕዮን ኤውሮጳ ናይ ጽርግያ ውድድር ኣንጠልጢሉ።



ቺኮነ ዘይዓገበላ መፈላለዩት ሰእሊ ከምኡ'ውን ዕዉት ረምኮ ኢቨነፖል

ድሕሪ'ዚ ዓወት፡ ንኽሉም ሽዱሽተኦም ዓበይቲ ኣህጉራውያን ናይ ሻምፕዮን ውድድራት ተዓዊቱሎም ኣሎ። እዚ ወዲ 26 ዓመት ብሉጽ ተቐዳዳማይ፡ ኣቐዲሙ

## "ሮናልዶ፡ ክምለስ እንተደልዩ ማዕጾ ክፉት እዩ" ዓላሚ ፖርቱጋል

### መሲ፡ ሎሚ . . .

ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ናብ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ክምለስ እንተደልዩ ማዕጾ ክፉት ምዃኑ፡ ዓላሚኣ ጆርጅ ጀሰስ ገሊጹ።

ሮናልዶ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ብዘጋጠሞ ናይዚ ዓለሚ ተቐጢዑ፡ ካብታ ጋንታ ምእላዩ ይዝከር። ኣብዚ ሰሙን ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ናይታ ሃገር፡ ንክልተኦም ብምትዕራቕ ንሮናልዶ ናብዛ ጋንታ ክመልሶ'ውን መደብ ነይሩዋ።

ጀሰስ ድማ፡ ድሕሪ ናይ ሰንበት ምሸት ዓወት ጸወታ ኔሽንስ ሊግ ኣብ ልዕሊ ኖርወይ፡ "ሮናልዶ፡ ክምለስ እንተደልዩ ማዕጾ ርሒው እዩ። ብዛዕባ ዝመጽእ ዘሎ ምርጫ ተጻወትቲ ክዝረረብ ኘኽእል ኢና፡ እንተኾነ፡ እቲ ውሳኔ ናይ ሮናልዶ እዩ። ክሪስ ኣብዛ ጋንታ ናይ ጸወታ ግዜኡ በቲ ዝደልዮ ክዛዘም ኣለዎ። ብኸመይ ክኸውን ኣለዎ ድማ፡ ንሱ እዩ ዝውስኖ። ከም'ቲ ኣብ ፈለማ ጸዋዒት 'ተሰለፍ ኣይትሰለፍ ኣብ ጎድነይ ክትህሉ ድሌተይ እዩ' ዝበልክዎ፡ ሕጂ'ውን ብተመሳሳሊ የድልየኒ እዩ።" ኢሉ ተዛሪቡ።

እዚ ወዲ 41 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ድሕሪት "ግዜኡ ምስ ኣኸለ እቲ ሓቂ ክነግረኩም እዩ።" ኢሉ ምፍናዉ፡ ዛጊት ብዛዕባ መጻኢኡ ኣይተዛረበን ዘሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይ ኩሉ ግዜ መወዳድርቲ ክሪስቲያኖ ዝኾነ ሊዮኔል መሲ፡ ሎሚ ሰሉስ ሃገሩ ኣርጀንቲና ምስ ቤን ኣብ እትካየዶ ናይ ምሕዝነት ግጥም፡ ከም መፋነዊ ክጻወት ምዃኑ ተገሊጹ። መሲ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኑሓሱ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ጥሮታ ምውጻኡ ኣፍሊጡ እዩ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

**ኔሽንስ ሊግ ራብዓይ ናይ ምድብ ጸወታ**

ክሮኤሽያ - ስጳኛ 9፡45 ድ.ቀ

እንግሊዝ - ቸክ ሪፓብሊክ 9፡45 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ህንዲ፡ ምስ ሩስያን ዩክሬንን ዝርርብ ተካይድ

ህንዲ፡ ምስ ሩስያን ዩክሬንን ኣብ ጉዳይ ብጸለም ባሕሪ ዝሓልፉ መራኽብን ሰደድ እኽልን ጸዓትን ከምኡ'ውን ድሕሪ ምብቃዕ ግጭት ኣብ መንጎ ክልቲኦን ጎረባብቲ ሃገራት ክፍጠር ዝኽእል ርክብ ኣመልኪታ ትዘራረብ ከም ዘላ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ናይታ ሃገር ኤስ ጃይሻንካር ሓቢሩ።

እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡ "ምስ ሩስያን ዩክሬንን ዝርርብ ነካይድ ኣለና። ኣብቲ ግጭት ዘለና መርገጺ ኣዝዩ ንጹር'ዩ፡ ብዘተን ዲፕሎማስን ጥራሕ ክፍታሕ ከም ዝኽእል ኢና ንኣምን" ኢሉ።

ዩክሬን፡ ምስ ሩስያ እተካየዶ ዘላ ኩናት ብዘተ ደው ንምባል፡ ካብ ዝተፈላለያ ኣሽማገልቲ ሃገራት ዝያዳ ንህንዲ እምንቶ ኣሕዲራትላ ከም ዘላ እዩ ዝግለጽ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዩክሬን ኣንድሬይ ሰቢጋ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝዘኸሮ ሓበሬታ፡ ህንዲ፡ ኩናት ዩክሬንን ሩስያን ደው ንምባል ኣርባዕተ እማመታት ኣቕሪባ ምንባራ ሓቢሩ።

ሰቢጋ ወሲኹ፡ ሩስያ ኣብ ልዕሊ ትካላት ጸዓትን ትሕተ ቅርጺ ወደባትን ዩክሬን ትፍጽሞ ዘላ መጥቃዕቲ ደው እንተ ኣቢላቶ፡ ሃገሩ ኣብ ጸለም ባሕሪ ዝካየድ መጥቃዕቲ ደው ንምባል ክትሓስበሉ ድልውቲ ምዃና ገሊጹ።

ሩስያ ብወገና፡ ንጻዕርታት ህንዲ ብሓጎስ ከም እትቕበሎ ኣፍሊጣ ኣሎ።

ፕረዚደንት ሩስያ ቭላዲሚር ፑቲን ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ደማቚ ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣኼባ ኣብ ጉዳይ ኩናት ሩስያን ዩክሬንን ተገዲሱ ከም ዝዛረብ ድሕሪ ምሕባር፡ እቲ ደማዊ ኩናት ደው ንምብጻሕ ዘውስዶ ዘሎ ተበግሶ መጕሱ።

ልዕሊ 40 ሚእታዊት ቀረብ ዘይተጻረየ ነዳዲ ካብ ሩስያ ከም እትረክብ ዝነገረላ ህንዲ፡ እቲ ካብኣ እትረኽቦ ነዳዲ ንወሕስነት ጸዓታ ኣዝዩ ወሳኒ ምዃኑ እያ ትገልጽ።



## ኣመሪካ - ኣብ ዶባታ ፈተነ ጸረ ድሮን ተካይድ

ሰራዊት ኣመሪካ፡ ኣብ ዶባት ኣመሪካን መክሰኮን ፈተነ ቴክኖሎጂ ጸረ ድሮን የካይድ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ዕላማ ናይቲ ፈተነ፡ ዓቕሚ ምክልኻል ኣመሪካ ካብ ድሮናት ኣሰጋገርቲ ዕጹ ፋርስ ንምዕባይን ካብ ኩናት ዩክሬንን ሩስያን ንዝርአ ዘሎ ቅልጡፍ ምዕባለ ወተሃደራዊ ቴክኖሎጂታት ንምቕዳሕን ዝዓለመ ምዃኑ፡ እቲ ሰራዊት ወሲኹ ሓቢሩ።

ሰራዊት ኣመሪካ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ'ውን ኣብ ግዝኣት ኣሪዞና ምርኢት ናይ ራዳር፡ ጸረ ድሮናት፡ ፈኮስ ብረትን ካልኦት ወተሃደራዊ ቴክኖሎጂታትን ኣካይዱ ምንባሩ፡ መርበብ ሓበሬታ ሮይተርስ ኣመልኪቱ።

ሰብ መዚ ፔንታጎን፡ ብመክሰኮ ኣቢለን ናብ ኣመሪካ ዝኣትዋ ድሮናት፡ ምስ ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ ዕጹ ፋርስ ዝተኣሳሰራ ምዃነን እዮም ዝገልጹ።

ሓደ ካብ ሰብ መዚ ናይቲ ክፍሊ ዝኾነ ብሪጋደር ጀነራል ብራያን ፈለር፡ ኣብ ዝሓለፈ 30 መዓልታት ጥራይ፡ 378 ድሮናት ናብቲ ንኣመሪካን መክሰኮን ዘራኽብ ዶብ ከም ዝኣተዋ፡ እቲ ቁጽሪ መሊሱ እናወሰኸ ይኸይድ ከም ዘሎን ሓቢሩ።

ሰራዊት ኣመሪካ፡ ካብ ዝሓለፈ ኑሓስ ኣትሒዙ ነቲ ቴክኖሎጂ ኣብቲ ምስ መክሰኮ ዘራኽብ ዶባት ሃገሩ ካብ ዘዋድዶ ንደሓር፡ ብድምር 11 ድሮናት ኣውዲቑ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ኣመሪካ፡ ምስታ ብድሮናት ኣብ ምጥቃዕን ምክልኻልን ቅልጡፍ ምዕባለ ተርኢ ዘላ ዩክሬን ሓያል ናይ ምውድዳር መንፈስ ተርኢ ምህላዋ'ዩ ዝነገረላ።



## ፈረንሳ፡ ብዙሓት ኣብያተ ትምህርቲ ትዓጹ

ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ፈረንሳ ተማሃሮ ናብ ጎደናታት ብምውጻእ ኣንጻር ኣብ ሕማቕ ኩነታት ዝርከብ ኣብያተ ትምህርትን ሕጽረት መማህራንን ዝዓለመ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ኣብ ዘቃጽልሉ ዘለዉ፡ ብዙሓት ኣብያተ ትምህርቲ ትማሊ ሰሉይ ከም እተዓጽዋ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

ሚኒስተር ሃገራዊ ትምህርቲ ኤድዋርድ ጌፍራይ፡ ኣብታ ሃገር ካብ ዘለዋ 3700 ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ፡ እተን 400-500 ዝኣኽላ ምሉእ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ክዕጸዋ ተኽእሎ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ጌፍራይ፡ እቲ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ብ28 መስከረም ካብ ዝጀመር ንደሓር፡ ዛጊት 24 ኣብያተ ትምህርቲ ክዕጸዋ ከለዋ፡ 78 መማህራን ከኣ መቕጻዕቲ ኣጋጢሙዎም ከም ዘሎ ወሲኹ ሓቢሩ።

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ፡ እቲ ኣብ ከባቢ ፓሪስ ኣብ ዝርከብ ሓደ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብሰንኪ ሕጽረት መማህራን ዝጀመረ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ፡ ቀስ ብቐስ ናብ ሰፊሕ ከባቢታት ናይታ ሃገር ልሒሙ ደርኩቡ።

ማዕከናት ዜና ፈረንሳ፡ ፖሊስ ምስ ሰልፈኛታት ድሕሪ ምግርጫዎም፡ ዘንብዕ ጋዝ ከም እተጠቕሙ ሓቢረን።

ብዘይካዚ፡ ካብኦም ተቓውሞ ዘካይዱ ዘለዉ ተማሃሮ፡ ዛጊት ልዕሊ 5,000 ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ከም ዘለዉን ብዙሓት ድማ ከም ዝቖሰሉን ወሲኸን ጸብጺበን።

ማሕበራት ተመሃሮ ፈረንሳ ብወገኖም፡ ሎሚ ሰሉስ 'ሃገራዊ መዓልቲ ሓያል ተቓውሞ' ክትክውን ጸዊዖም ኣለዉ።



## መንግስቲ የመን፡ ኣብ ልዕሊ ሑቲ ወተሃደራዊ ወፍሪ የሐይል

መንግስቲ የመን፡ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእትይዎ ንዝርከብ ሰፊሕ ከባቢታት ናይታ ሃገር ዳግማይ ንምምላሱ ዓቢ ወተሃደራዊ ወፍሪ ኣበጊሱ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ፕረዚደንት የመን ራሻድ ኣል-ኣሊሚ፡ "እቲ መጥቃዕቲ፡ የመን መሬታ ካብ ቁጽጽር ናያዚ ግብረ ሽበራዊ ዕጡቕ ጉጅለ ናጻ ክትወጽእ ዝወጸኦ እዚ ወተሃደራዊ ወፍሪ ክቕጽል እዩ" ክብል ሓቢሩ።

ኣፈኛ ሰራዊት የመን ብወገኑ፡ ዕጡቓት ሑቲ ቅድሚ ስዕረቶም ብኸቢረቶም ዕጥቆም ከውርዱ ጸዊዑ።

ሑቲ ካብ 2014 ኣትሒዙ ኒታ ርእሰ ከተማ የመን ዝኾነት ሰንዓን ሰፊሕ ክፋል ናይቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ዝነብረሉ ሰሜናዊ ምዕራብን ተቖጻጺሩዎ ከም ዝጸንሐ ዝፍለጥ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ብምኻያድ ንወደብ ኤል-ማንደብ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከእቱ ዝኸኣለ ሑቲ፡ በቲ ማያዊ መስመር ንዝሓልፉ መራኽብ ዝተፈላለያ ሃገራት ንኽቆጻጸረን ርሒብ ዕድላት ክኸፈተሉ ከም ዝኽእል እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ብዘይካዚ፡ ሑቲ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ከተማ ሪያድን ካልእ ከባቢታት ስዑዲ ዓረብን መጥቃዕቲ ናይ ባሊስቲካዊ ሚሳይላትን ድሮናትን ከም ዘካየደ ሓቢሩ።



## ኮንጎ፡ ለበዳ ኢቦላ ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ይበጽሕ

ኣብ ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ለበዳ ኢቦላ ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ከም ዝበጽሐ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይታ ሃገር ኣፍሊጡ።

ክሳብ ዝሓለፈ ቀዳም፡ ቁጽሪ በቲ ለበዳ ተለኺፎም ዝሞቱ ዜጋታት 4,018 ክበጽሕ እንከሎ፡ ቁጽሪ መልከፍቲ ከኣ ናብ 8300 ክብ ከም ዝበለ እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ሓቢሩ።

ብመሰረት ጸብጻብ ናይቲ ሚኒስትሪ፡ ካብተን ኣብ ትሕቲ ምክትታል ዝርከባ 63 ትካላት ጥዕና፡ ኣብተን 12 ብውሕዱ ንዝሓለፈ 42 መዓልታት ሓድሽ መልከፍቲ ኣይተመዝገበን ዘሎ።

እንተ ኾነ ቁጽሪ ናይቶም ደጊሞም በቲ ሕማም ዝልከፉ ዘለዉ ሰባት ብስለስተ ዕጽፊ ማለት ኣብ ግምት 28 ሚእታዊት ዝበረ ኣብ መወዳእታ መስከረም ናብ 82 ሚእታዊት ክብ ኢሉ ከም ዘሎ፡ እቲ ጸብጻብ የረድእ።

ሚኒስተር ጥዕና ኮንጎ ሮጀር ሳሙኤል ብወገኑ፡ ሰራሕተኛታት ጥዕና ኣብኦም እቲ ለበዳ ዝረኣየሎም ዘለዉ ቦታታት ኣተኩሮም ክሰርሑ ተማሕጺኑ።

ትካል ማእከል ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት ኣፍሪቃ ድማ፡ ኣብ ገለ ከባቢታት ናይታ ሃገር ዘሎ ፖለቲካውን ጸጥታውን ዘይምርግጋእ፡ ሰብ ሞያ ጥዕና ነቲ ሕማም ንምቁጽጻር ዕንቅፋት ኮይኑዎም ከም ዘሎ ገሊጹ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ | 6/10/2026 | ጎደና ዓዲ ሓውሻ175 ቁ.ገዛ 58 ከባቢ ፖስት ኦፊስ ፊት ፎቶ ኤርትራ | 200141 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565